# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቊ.229 | ዓርቢ 24 ግንቦት 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
"ዓወት ንሓፋሽ! ኣብ ዓወት . . . !"



ገጽ 3



ገጽ 5
1991፡ ዓመተ ምሕረት ኤርትራ



ገጽ 6
ጦብላሕታ ናጽነት - ሎምን ትማሊን!



ገጽ 11
ጎባልል ዋንጫ ናጽነት



## መራሕቲ ሸዱሽተ ሃገራት ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም

መራሕቲ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ፡ ረፓብሊክ ቱርኪ፡ ሽወደን፡ ፈደረሽን ሩሲያ፡ ረፓብሊክ ኡዝቤኪስታንን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን፡ ብምኽንያት መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት - ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ንጉስ ሳልማን ቢን ዓብዱልዓዚዝን ወራሲ ዓራት መሓመድ ቢን ሳልማንን፡ ፕረዚደንት ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን፡ ንጉስ ካርል ጉስታቭ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፡ ፕረዚደንት ሻቭካት ሚርዝዮየቭ፡ ፕረዚደንት ሼኽ መሓመድ ቢን ዛይድ ኣልናህያን ኣብ መልእኽቶም - ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕናን ኣሰልጦ ሰራሕን፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ተመንዮም።

ፕረዚደንት ኤርዶጋን - ብስም ሃገሩን ብስሙን ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ቱርኪ ንናጽነት ኤርትራ፡ ግዝኣታዊ ሓድነታን ቀጠባዊ ኹነታን ከምእትድግፍ ብምርግጋጽ፡ ሕውነታዊ ክልተኣዊ ዝምድና ኣብ መጻኢ ብዝበለጸ ከምዝድንፍዕ ዘለዎ ተስፋ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ድማ፡ ሕውነታዊ ዝምድና ኤርትራን ፈደረሽን ሩሲያን፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ብዝዓበየ ክልተኣዊ ሃናጺ ምትሕግጋዝ ዝያዳ ከምዝምዕብል፡ እዚ ድማ ንረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት ከምኡ'ውን ንጸጥታን ርግኣትን ኣፍሪቃ ሓጋዚ ከምዝኸውን ገሊጹ።

ምክትል ፕረዚደንትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ሕቡራት ኢማራት ዓረብን ኣመሓዳሪ ዱባይን ሼኽ መሓመድ ቢን ራሽድ ኣልመክቱም ከምኡ'ውን ምክትል ፕረዚደንትን ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተርን ሼኽ መንሱር ቢን ዛይድ ኣልናህያን እውን - ተመሳሳሊ ናይ የሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።



## ጋሽ-ባርካ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ብክብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ተጸምቢሉ

መበል 33 ዓመት ናጽነት፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ22 ግንቦት ብክብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ኣብ ባረንቱ ተጸምቢሉ።

ኣብ'ቲ ብወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታትን ህዝባዊ ጸወታታትን ዝማዕረገ ጽምብል፡ ኣቦመንበር ሽማግለ በዓላት ዞባ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ፡ ጽምብል ናጽነት ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታት ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ብምዕሩግ ኣገባብ ክበዓል ምቕናዩ ብምሕባር፡ ንኣብርክቶን ወህደትን ህዝቢ፡ እዚ ምዕራብ፡ እዚ ምክትታል ሰሜን ምዕራብ ደቡብ፡ መሓውራት ምምሕዳር ዞባን ስነጥበባውያንን መጒሱ።



ስእሊ. ዮናስ ተኽለ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ሰላም ብዘየብትኽ ህዝባዊ ንቕሓትን መኸተን እትውሓስ፡ ዝኸበረት ህያብ ሰማእታት ስለዝኾነት፡ ጉድኒ-ጉድኒ'ቲ ንድምቀት ዕለተ-ናጽነት ዝግበር ምድላዋት፡ ሰላምና ብምዕቃብ ኹጎስ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት ብሓድነት ዓጺፋ ክንሰርሕ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ጽምብል፡ ብቋንቋታት ኩናማ፡ ናራ፡ ብዳወየት፡ ትግረይት፡ ሳሆን ትግርኛን ዝቶዓለወ 11 ደርፍታት፡ ሓንቲ ድራማን 3 ግጥምታትን ከምኡ'ውን ብኣባላት እዚ ምዕራብ ዝተዓለወ ግሩም ወተሃደራዊ ሰልፊ ቀሪቡ።

## ደቡብ - በዓል ናጽነት ብደረጃ ዞባ ብልዑል መዓርግ ተጸምቢሉ

መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት፡ "ውሕስነት ሰላም ብመኸተ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ ኣብ መንደፈራ ብ22 ግንቦት ተጸምቢሉ።

ኣብ'ቲ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝርከብዎም ኣሽሓት ሓመሽተ ሽሕ ዕዱማትን ወከልቲ ህዝብን ዝተረኽብሉ - ኣብ ስታድዩም መንደፈራ ዝተኻየደ ጽምብል፡ ልዕሊ 650 ተመሃሮን ስነጥበበኛታትን ዝተሳተፍዎ ስነጥበባዊ መሰናድኣታት ቀሪቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነትና፡ ሰላምና ብመኸተና ከነውሕስ ምዃንና እነረጋግጸሉ ኣጋጣሚ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዘመናት ኣንጻር ወረርትን ገዛእትን ዝጀመሮ መኸተ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሰን ድሕሪ ናጽነትን ብንቕሓት ደሪዑ ሳላ ዝቐጸሎ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ናጽነቱን ህላውነቱን ከረጋግጽን ክዕቅብን ከምዝኸኣለ ገሊጹ።

ኣቦመንበር ሽማግለ በዓላት ዞባ ኣቶ ኣብርሃም የውሃንስ ድማ፡ ጉድኒ-ጉድኒ'ቲ ብኸሉን ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ ዘሎ ኑቲ በዓል ዘማዕርግ መደባት፡ ብደረጃ ዞባ ዝተዳለወ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ጨሎመ ተኾሰ፡ ግጥሚ፡ ቅብኣ፡ ውድድር ምርኢት ህጻናትን ምርኢት ተንቀሳቓሲ ምስልን - ካብ 16 ግንቦት ጀሚሩ ክካየድ ከምዝቐየ፡ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ኮንሰርት ኣብ ከተማ መንደፈራ፡ ሓብራዊ ጉያን ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ውድድርን ድማ ኣብ ደቀምሓረ ከምእተኻየደ ዘርዚሩ።



እቲ ጽምብል፡ 120 ተላሃይቲ ዘሰለፎ 10 ደርፍታት፡ ሓደ በዩኑመደራዊ ተዋስኦ (ሞኖሎግ)፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 500 ተመሃሮ ዝሳተፈ ምንቅስቓሳዊ ምርኢት ተመሃሮ (ክሎስተኒክስ) ዘጠቓለለ ነይሩ።

መደባት ጽምብል ናጽነት ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ሎሚ 24 ግንቦት ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ብዝካየድ ጽምብላትን በዐምምሕዳራት ከበቢን ዓድታትን ዝትከል ኮማዊ ዳሳትን ክዛዘም እዩ።



# “ዓወት ንሓፋሽ! ኣብ ዓወት. . . !”

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

ካብ ቃል፡ ጽሑፍን መንፈስን ተጋዳላይ ፈጺሙ ዘይተርፍ ሓረግ እዩ ነይሩ። ይትረፍዶ ኑቶም ናይ ገድሊ ብጾቱ፡ ከም ገለ ዕድል ረኺቡ ናብ ወላዲቱ ደብዳበ እንተ ጽሒፉ፤ “ዓይኒ ንዓይኒ የረኣእየና - ብሰላም የራኽበና. . .” ብዝብሉ ናይ ትምኒትን ሰናይ ድልየትን ኣይኮነን ዝዛዝሙ መልእኽቱ። “ዓወት ንሓፋሽ! ኣብ ዓወት. . .” እዩ ነይሩ መዛዘሚ ጽሑፉ፤ “ኣብ ዓወት. . .” ርጉጽነት ንዓወት ዘመልክት ሓረግ ተጋዳላይ እዩ ነይሩ።

ተጋዳላይ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቐስ፡ ብዘኽኑ ይኹን ተልእኾ ካብ ብጾቱ ክፈላለ ናብ መጥቃዕቲ ክጠንን እንከሎ. . . መወጸኢት ኣፉ “ኣብ ዓወት የራኽበና” እያ ነይራ። ኣብ'ቲ ጽንኩር ኩነት፡ እቲ ሓደ ናብ መጋርያ፡ እቲ ሓደ ናብ ረመጽ እናተበገሰ፤ “ኣብ ዓወት የራኽበና” እዩ ነይሩ እቲ ናይ ሰንበታ ወግዒ። ናይ ስዕረት ኣፋፍኖት ኣብ መንፈሱ ኣይነበረን። ንወዲ-ሰብ ኣብ ዓወት ዘብጽሖ፤ ብዘለሊ ወይ ሓይሊ ዘይኮነስ፡ ናይ ዓወት መንፈስ ምዃኑ፡ ገና ቃልሲ ክፍልም ከሎ እዩ ተገንዚቡዎ። መዋጽኦ ዘይብሉ ዝመስል መዋጥር ይከሰት፡ ምድርን ሰማይን ብቡሩድ ኣይሂ ኣጽዋር ይጽልምት፡ መልኣኽ ሞት ንሰማያት ይኽድን፡ ሰብ ብራዕዲ እናተንበልበለ፡ ተጋዳላይን ግን ኣብ ዘይተወሰነ ማዕዶ ዓወት የቋምት ነይሩ። ስለ ዝኾነ እዩ ድማ “ኣብ ዓወት. . .” እናበለ ኣብ መንገዲ ዓወት ዝወደቐ።

እቲ ተጋዳላይ ዓወት ዝበሎ፡ ንግዲን ገዛእቲን ኣይነበረን - መርዓን ውሉድን ኣይኮነን - ሰዲትን ንብረትን እውን ኣይነበረን። ዓወት ተጋዳላይ፤ ሓንትን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይትኣቱን ናጽነት እምበር - ተጋዳላይ ዘወፈሮ ገዛእነን ንዋትን ኣይኮነን - ትንፋስን ረሃጽን እምበር! ዋጋ ናይ'ቲ ዓወት ንሱ እዩ ነይሩ። ንመኻሰቡ ዘይኮነስ ንመኻሰብ ህዝቡ፤ ንዝኢ-ነብሱ ንመዐደጊ ናጽነት ኣወፍዩዋ። ተጋዳላይ “ዓወት” ዝበሎ መሰዋእቲ እዩ - ስንክልና እዩ - ናይ መዋእሉ ሰናይ ዕድላት ምውፋይ እዩ። ንዓወት፡ ድሕሪ'ዚ ኩሉ ኣብ ገዚኢ-ነብሱ ዝወርድ ሕሰምን ኣደራዕን እዩ ተጸቢዩዋ። ብድሕሪይ ሳዕሪ ኣይትብቁላ ዘይኮኑ፡ ዋላ'ውን ድሕሪ መስዋእቱ ክትህሉ እዩ ሃረር ኢሉዋ።

ኣብ ግራት ጨው ሳሊና፡ ብጢያይቲን ሰኮጅን እናተመልዓሰን ብጨው እናተበልዐን ክጠፍእ እንከሎ፡ ኣብ ማይ ባሕሪ ጥሒሉ “ዕቐዲቐ” እናበለ፡ ብጻዕረ-ሞት ኢዱ ጨቢጡ “ዓወት ንሓፋሽ!” እዩ ዝበለ ተጋዳላይ። ኣብ'ቲ ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ሃገሩ ተቛጻጺሩ ኣብ ልዕሊ ናጽነት ምስ በጽሐ ብዘርያ ዝተመልሰሉ እዋን ምዝላቕ፡ ወዲሉ ሓዲሩ መሬትን ህዝቡን ናጻ ክገብር ከም ዝኸኣለ ርግጸኛ ብምዃን “ኣብ ዓወት. . .” እናበለ'ዩ ናብ ሳሕል ኣንቀልቀሉ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ሰፊር ተጋዳላይ ፍጡር ክጸወሮ ብዘይክእል እሳተ-ጐመራ ክሰድድ ከሎ፡ “ኣብ ዓወት. . .” እናበለ እዩ ንኹሉ ተጻዊሩን ተጻሚሙን ዝምክት ዝነበረ።

ኣብ ዒላበርዕድ፡ ጸሓይ ናብ ምድሪ ከም ዝወረደት ብረስኒ ተመሻሊቑ እናተመልጠ፤ ኣካላቱ ከም ፕላስቲክ ቀምሪሩ እናጠፍኡ፤ ኑታ ብዓወት ዝምስሰላ ዕለት ካብ ምምዕዳው ኣይቋረጸን። ኣብ ኩናት ዓዲ ያዕቆብ፡ ወዲ-ሰብ ብህምምታ ኣጽዋር ጥራይ ምጽኣት-ኣለም ዝርከቦ እናመሰሎ ብራዕዲ ክውሓጥ እንከሎ፡ ተጋዳይ ግን፡ ኣብ ውሽጢ ቃጸሎ ኩይኑ “ኣብ ዓወት. . .” ምባል ኣይገደፈን። ኣብ'ቲ ጽንፊ ትብዓትን ተጻዋርነትን ዝሓትት ናይ ምክልኻልን ምዝላቕን ነዊሕ ጉዕዞ፡ ህዝቢ፡ ደቁ ብኡ ኣቢሎም ክይጠፍኡ ኩብዱ ሓቝፉ እንከሎ፡ ተጋዳይ ግን ‘ክሰዓር ደየ ክስዕር’ ኣብ ዝብል ምምታእ'ኳ ኣይኣተወን። ኣብ ኣእምሮኡ ሓንቲ ነገር ጥራይ ሐዚዩ ኣትኪሉ። እቲ ዝዕወት ርጉጽ ወሲዱ ናይ ‘ረኣዩለይ ሰምዑለይ’ ዳንኬራ ክገብር ከሎ፡ ጸላኢቱ ባህ ኢሉዎም ክፍንጥዙ፡ ፈተውቱ ድማ መዓንጣኦም ሓሪሮም መርድእ ክጸበዩ ከለዉ፤ ንሱ ግን፡ ኣብ'ቲ እሳት ዝዘንቦ ጸምጸም በረኻ፡ ምስ ናይ ዓወት መንፈሱ ኩይኑ፡ ንዓወት ተጸብዩዋ።

ኣብ ውሽጢ መንፈስ ተጋዳላይ ዝሰረጹ ቃላትን ሓረጋትን ገድሊ፤ ንስለ ምባል ዝበሃሉ ዘይኮኑ፡ ንዓወትን ናጽነትን ዝገልጹ፤ መሰረት እምነቱን መትከሉን ነይሮም። ነቶም ናይ መንፈሱ ቃላትን ሓረጋትን ኩሉ ግዜን ኣብ ኩሉ ቦታን ንእግሪ-መንገዱ ሰው እናበሎም ይጓዓዝ ነይሩ። ክብሎም ከሎ ካብ ውሽጡ ብዝፍቕረ ስምዒት እዩ። ብዓቢኡ ብዮዙቢሪ እናፈጸሞም፡ ብልሳኑ ኸኣ ይደግሞም።

ቃላትን ሓረጋትን ተጋዳላይ ብልሳን ክበሃሉ እንከለዉ፤ ልሙዳትን ቀለልትን እዮም ዝመስሉ። ብሓቂ ከኣ ኣብ ካልእ ሰብ እንተ ዝኾኑ፤ ከም ተራ ቃላት ምተወስዱ። ን“ዓወት” ኩሉ ሰብ እዩ ዝብህጋን ዘድምጾን። ኩሉ ሰብ እውን ይፈልጦ። ከም ተጋዳይ ገይሩ ርጉጽ መንገዲ ዓወት ዝተገንዘበ፡ ኣብ ዓወት ዝኣመነን ዘናደያን ግን ክንደይናይ ከይህሉ! “ኣብ ዓወት. . .” ዝብል ኣማኑ ሓረግ ተጋዳላይ፤ ከም ተራር ሓዲድ ዓወት፡ ኣብ ተጋዳላይ ተጸይሩን ንተጋዳላይ ጸይሩን ኣና በዚልቲ፡ ተጋዳላይ ን“ዓወት” ኣቐዲሙ ሰሪሑ ኣብ ውሽጡ ኣስፊሩዋ ከም ዝነበረ መንቋሕቋሒታ እውን ኣይተረኣየዎን። ከምኡ ስለ ዝኾነ እዩም ድማ፡ ብየዝፈን ብዘሊን መዳራጋሕ ጉዳእቲ ሰርዓታት እናተገረመ፡ ኣብ በረኻታት ሳሕል ክቕህም ዝተጸበዩዎ። ዕሽነቶም ተኸዊሎምም፡ ንተጋዳላይን ህዝቡን ኣብ ዘይዓቕሞም ከም ዝመጣጠሩ ዓያሹ ገይሮም ብምቑጻር፡ “ኑበስኹም ኣይተሕሰሙ. . . ዝዓይነቱ ማዕዳ ክህቡ እንከለዉ፤ ሕልፈ ተጋዳላይ ዝለበሙ ኩይኑ ይሰመዖም ነይሩ። ምኽንያቱ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ንሓዋሩ ከም ዘብቅዕ ዋላ ሓንቲ'ኳ ኣይተማትኡን። ከም'ዚ ሕጃ፡ መን ዓሸዩ ከም ዝነበረ ጸቡቕ ገይሩ ከይተሰወጦም እንከሎ።



ናይ'ቲ በየዛ ህዝቢ ዝኾነ እምነት ኣብ ዓወት፡ ወዲ-ሰብ ክሰግሮ ዘይክእል እምባ ብደህታት ኣሰጊሩዎ። ንቕዳማይ ወራር “ኣብ ዓወት. . .” ኢሉ፡ ብዓወት ዛዚሙዎ። ካልኣይ፡ ሳልሳይ. . . ምስ ሰዓበ እውን ከምኡ። ሻድሻይ፡ ሻውዓይ. . . ወራራት ከም ማዕበል ምስ ተኸታተሉ እውን፡ በቲ ኣብ ውሽጡ ዘሰወዶ ናይ ዓወት መንፈስ፡ ናብ መንገዲ ዓወቱ ቀይሩዎ። እዞም ሓረጋትን ቃላትን እዚኣቶም - ሎሚ እውን ካብ ልሳን ሰባት ምልቓቕ ኢሎም ክወጹኡ ዘይሰምዑ ኣይኮኑን። ገድሊን ገደሉን ዝገደፎም ኣሰራት ብቐሊሉ

## ዓወት ንሓፋሽ! ኣብ ዓወት !!

ንሞትን ሕየትን እናተፋለሙ፡ መሪሕነቲ ኩናት ደርግ ናብ ላዕለዎት ሓለፍቶም “ናቕፋ ትረኣየኒ ኣላ” ዝብል መልእኽቲ እናሕለፉ ከለዉ፤ ተጋዳላይ ቃሉ ኣይቀየረን። እምባታት፡ ርባታት፡ ሰናጼር. . . ሳሕል ብሓጻውን እናተበንቈሩ፤ ብትኪን ሃልሃልታን እናተሸፈኑ፤ ተጋዳላይ ብዘኮላሕልሕ ሞት እናተሰወአ. . . መንፈሱ፤ ግድን ብዝኾነ ናይ ዓወት እምነት ተመሊኡ ነበረ።

ስርዓት ደርግ፡ ቀመማዊ ጋዝ ክንስንሰሉ ምዃኑ ኪጋውሕ እንከሎ፡ ተሰፉ ኀጊፉ “እርማይ” ኣይበለን። ንሱ፤ ፈሪሖም እናደቐሱን እናተጣበበን መከላኸሊ ቀመማዊ ጋዝ ክሰርሕ እንከሎ፡ ንኹሉ ሕሱም እዋን ብመሰዋእቲን ስንክልናን ሰጊሩ ምስ ዓወት ከም ዝራኸብ - እንተ ዘየለ'ውን እታ ዓወት ከም እትርከብ ኣይተጠራጠረን። ስርዓት ደርግ፡ ከም ክሳብ ዓዲ ዘበጽሐ እዩ።

ቃልሲ ንሓቒን ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ፤ ኣብ ምብጋሱ እምበር ኣብ መወዳእታ ኣይኮነን ተዓዊቱ። ናጽነት፡ ቀዳማይ ኣብ ምሉእ ኤርትራ፤ ኣብ በረኻን ጫካን ኤርትራ ምስ ተጋዳላይ ነይራ። ስፍራኣ ኣብ መንፈስ ተጋዳላይ ስለ ዝነበረ፤ እቶም ንተጋዳላይ ክፈልጥዎ ዕድለኛታት ዘይኮኑ፤ “ዓወት” ኣብ ኢዱ ከም ዝነበረት ክርእዩዎ ኣይከኣሉን። መጠን ኣልቦ ኣጽዋርን ሰራዊትን ንከተማታትን ዓድታትን እናሓረሱ ናብ ሳሕል ክንቀሳቐሱ ከለዉ፡ “እርማይ! ብዘሕዱዋ ጠፊኣም. . .” ዘይተባህለ ኣይኮነን። ተጋዳላይ ኣብ ዕርድታት ሳሕል ተደቢዩ ደጀ ኣብ ዝተሓተሉ እዋን፡ ከም ዝተቐብረ፤ ኣብ በረኻታት ከም ዝተዋሕጠን ዝሞተ ወረ ዘይተጋውሐ ኣይኮነን።

ዝበዝሑ ናይ'ቲ እዋን ፖለቲከኛታት ዝርስዑን ዝሓሰቡን ስለ ዘይኮኑ።

እንተኾኑ ግን፡ ደምዖምን ፈደላቶምን ሓደ ዓይነት ክኸሱ፤ ኣብ ትማልን ሎምን ኣመና ዝተፈላለዩ ይመስሉ። ካብ ናይ ዓወት መንፈስ ዝመንጨዉ ምዃኖም ዘረጋግጽ ግብራዊ ትርጉም ውሒዱዎም ኣሎ። ትማሊ፡ “ኣብ ዓወት. . .” – “ዓወት ንሓፋሽ”፡ ኣብ ቃልን ግብርን መሳንዩቲ ነይሩዎም። ጸዕሪ፡ ብጻይነት፡ መስዋእቲ፡ ተወፋይነት፡ ሓበራዊ ኣተሓሳስባ. . . ሓይሊ ዓወት እዮም ነይሮም። እቲ ተራር መንፈስ ዓወት፡ ንኹብሪ ዝቃለስ ሰብ ሰሪሑ - ብሉጽ ዓይነት ሰብ።

ሎሚ - “ኣብ ዓወት. . .” – “ዓወት ንሓፋሽ!” ዝብሉ ቃላትን ሓረጋትን፡ ክንዲ'ቲ ፍርቂ ናይ ተጋዳላይ ኣብ መንፈስ ህሉው እንተ ዝሰፍሩ እውን ኣኺሎም ምተረፉ። ግዳ ኸኣ - ይሰፍሩ ምህላዎምስ ርግጸኛ እዩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ
ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# “ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!”

ጽምዶ ....... ንዝበረኸ መድረኸ


























ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ
ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ሳልሕ ዓብደልቃድር

# ተሳታፍነት መንእሰይ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

ኣብ ቅንያት ባህታን ሓገሸን ኢና ዘለና። ሓደ ሃገር ኣብ ኣእምሮኻ ዝሸሕኩሕ እንተ'ልዩ እቲ ሰላምን ጸጥታን ኣብ መንን እቲ ዓሰርተታት ኣሽሓት ህዝቢ'ዩ። እቲ ኣብ ካልእ ኢጋጥሚ ኣብ እኩባት ሰባት ንበር ተርእዮ ዝሸሉ ባእሲ፡ ዕግርግር ወይ ካልእ ዘሰክፍ ናይ ጸጥታ ስክፍታ ኣይርእን'ዩ። ምኽንያቱ እቲ "እኩብ" ሰባት እንበሎ ዘለና፡ ድምር ናይ ደቂ ሓደ ልቢ፡ ህርመትን ስጉምትን ሓርነትን ዘመን'ውን ሓይሊ. ሕብረተሰብ ኣብ መንእሰይ'ዩ። ሰብ እንግድዓ ኣፍራይነቱ ኣቡቲ ውዕውይ ሓይሉ'ዩ። ብእኡ መጠን ድማ ሰድራቤት፡ ሕብረተሰብ፡ ሃገር፡ ዓለም፡ ብመንእሰይ ትደፍእን ትግተትን። ህይወት ዝያዳ ብንእሰነት'ያ እትምራሕ። ንፋዕ መራሒ. መኪና ኣብታ እትግዕዞ ደብዳሕ፡ ሕማቕ መራሒ. መኪና ነታ ዕላምኡ ኣይበጽሓን። ዝፋዕ ወላዲ ንፋዕቲ ሰድራቤት የቐውም፡ ዝበለጸ ሕብረተሰብ ድማ ይሃንጽ። ሓይሊ. ኣለዎ።

መንእሰይ ዓንዲ ሕቖ ሃገር እዩ። ናጽነት ኣብ ምድላይ እቲ ቐንዲ ተዋሳኢ. መንእሰይ'ዩ። ንምውሓሳ'ውን እንተኾነ ከምኡ። ኣንጻር ጸላእቲ ዝገጥም፡ ግዝኣቱ ዝመልስን ካብ ግዝኣቲ ዝሰኽልን ብዘበዘሐ ቁጽሩ መንእሰይ ስለ ዝወዕለ፡ ቀንዲ ተሓላቒ ከም ዕድመ ብርኩ መንእሰይ እዩ። ብኣውራኡ'ውን መንእሰይ ወረሱ ዘውርስ ካብ ቅድሚኡ ዝተቐበሎ ናብ ድሕሪኡ ዝሰዕብ ታሪኽ ከዕብዮ ከረክብ ግዴታ ስለ ዘለዎን ብታሪኽ'ውን ስለ ዝሕተትን፡ እዚ. ዘሎ መንእሰይ ሓላፍነቱ ፈለጡ ክሉ'ቲ ዘድሊ. ይገብር ኣሎ።

ኣብ ህላወ ናጽነት'ውን ብዘይካ እቲ ኣስተርሒ.ኻ ምንባር ካብ ዘሎ ጸጋ ናጽነት፡ ቀንዲ. ተረባሒ. መንእሰይ እዩ። ናጽነት እንተሎ ምዕባለ ክቀላቐል ግድን እዩ። ናጽነት ኣብ ዘይትህልወሉ እዋን እቲ ቐንዲ ግዳይ መንእሰይ እዩ። ምኽንያቱ ቀንዲ. ናይ ጸላኢ. ዒላማ መንእሰይ'ዩ። መንእሰይ ብዓይኒ ጥርጣረ ይጥመት፡ ጥርናፊኡ ኣይፍቶን።

እንተኾነ መንእሰይ እቲ ወሸጣዊ ደፋኢ. ሓይሊ. ዝውንን ሃገራውነት ዝሰረጾን ምንባርካ ዘይውሓጠሉን ስለ ዝኾነ ኣብ ወሽጢ. ግዝኣቲ'ውን እንተሎ ንህበሱን ንሕብረተሰቡን ብዓቢኡ ሃገሩ ናጻ ንምውጻእ ደቂሱ ኣይሓደረን እዩ። ኩሉ ግዜ ከኣ ንሱ ክፍንጽጉ ጸላኢ. ክጭቁኖ፡ ሩሕ መንእሰይ ኣብ ወሽጢ. ግዝኣቲ ብምእታው ሓርነት ንምርካብ እትውፊ. ምኽና ቃልሰና ዘብርሆ ሓቒ'ዩ። ብግዝኢ ሩሑ ናጽነት ዘድምቐ ኩሉ ወጉ ቀሲኑ ይነብር።

ቅያታት መንእሰያት ኤርትራ ዘይምዉ. ዝነብርም፡ ብጉዕራዊ ተወፋይነት ዝተረጋገጸ መዳርግቲ ዘይብሉ ወለንታውነት መንእሰያትና እዩ። ከምቲ ኣብ ብዙሕ ኢጋጥሚታት ዝተገልጹ ብጉዕረ'ውን ዝተረጋገጸ ሓይሊ. ሰውራ ኤርትራ ኣብ ዝተራቐቐ ኣጽዋራትን መሳለጥያታትን ወይ ብጸግዒ. ሓያላን ዓለምና ዘይከኑ ካብ ልቢ. ወለንታውያን መንእሰያት ዝዞረ'ዩ ነይሩ። እዚ. ብገዝዙብ ይኹን ብልግሲ. ክርከብ ዘይክእል ብልጫ፡ ንኤርትራ መመለሱ ዓወት ከበገናጽፉ ክኢሉ'ዩ። ሓደ ዕማም ክዕወት እንተኾይኑ፡ ቅድሚ ኩሉ ዘድልዮ ነገር ምሉእ እምነትን ቅሩብነትን ናይ'ቶም ነቲ ዕማም ዝተረቐሐ ተሳተፍቲ እዩ። መንእሰያት ማእከል ስሕበት ለውጢ. ከም ምኳናም፡ ንእንደልዮም ለውጥታት ወለንታውነቶም ዘየማትእ ወሳ. ተራ ኣለዎ። ከምቲ ኣብ እዋን ቃልሲ. ዝተማከረ፡ ኣብዚ. ኩለንተናዊ ህንጸት ዘድልየና ግዜ'ውን ብዘይ ግደ እዚ. ረቒሒ. ክርከብ ዝኽእል ዓወት ከም ዘየለ ተረጋጊጹ'ዩ። ንመጻኢ. ዝጸበዩና ብድሆታት'ውን እንተኾነ ልቢ. ወለንታውያን መንእሰያት እዩ እቲ መልሱ። እቲ ዝዓበየ ሕቶ እምብኣር ቀጻልነት ወለንታዊ ተሳታፍነት መንእሰያት ምርግጋጽ'ዩ።

እዛ ብኣዝዩ ዓቢይ ዋጋ ዝመጸት ናጽነት ዓቢ. ትርጉም እዩ ዘለዋ። ትርጉም ናጽነት፡ ነቲ ናጽነት ከበርቕ ዝኽእል ለዋጢ. መንእሰይ ግዚፍ እዩ። ግዚፍ ከብልዎ ዝኽእሉ ረቛሒታት ከኣ ንምምጻኡ ምሉእ ብቕዓትን ተወፋይነትን ዘበርክት ንሱ እዩ። በዚ. መንጽር ትርጉሙ ክረአ እንከሎ ንዝኾነ መንእሰይ ኣመና ረቒቕ ትርጉምን መልእኽትን ኣለዎ። ብቐንዱ ናጽነት ዝለዓለ ተሓታትነት ምስኣም እዩ። ዝያዳ ናጽነት ዘለዎ ዝያዳ ሓላፍነት ይስከም ወይ የልዕል። ስለዚ. ናጽነት ናይ ግዝኢ ርእሱ ረዚን ሰኽም ኣለዎ። ኣብ ኩሉ ከርናዕ ዓለም ዝቐመጥ ሕብረተሰብ ኮነ ውልቀሰብ ናጽነት ክጠልብ ወይ ንናጽነት ክቃለስ እንከሎ ኣብ መጻኢ. ህይወቱ ዝለዓለ ሓላፍነት ክስከም ምዃኑ ይፈልጥ እዩ። ብኣውራኡ ናጽነት ምስ ዝሓቶ ክበር ዋጋ፡ ዘለዎ ጽንዕ ሓላፍነት ኣብ ህይወት ደቂሰብ ተባሂግን ወጽኢታውን ዝኾነ ዝለዓለ ኣፍደገታት ሕገስ ህይወት ወሳ. እዩ። ፍልልይ መግዛእትን ናጽነትን ከኣ ብፍልልይ ብርሃንን ጸልማትን ክንጥምቶ ንኽእል።

በዚ. መንጽር ትርጉም ናጽነት ኤርትራ ንምግንዛብ ብግዜ ነዊሕ፡ ዝሓለፍዎ ዋጋ ክቡር ብምኻኑ፡ ትርጉም ናጽነት ኤርትራ ኣብዚ. ርሁው ዘመን ኳንካ ክትርእዮ ዝያዳ ይዓሙቕን ይሰፍሕን። ናጽነት እትደልዮ'ውን ኑቲ ብረዚን ዋጋ ዝመጸ ክቡር ዋጋ ክዕቀብን ክደምቕን እዩ። ስለዚ. ካብ መዋጉቢቲ ታሪኽና ተበጊሰና፡ ናጽነትና ጽላል ብምግባር ብልሳን ናጽነት



ዘስተማቕረ ዘለዋ እኩባት ጉጅለታት ሰድራ ቤታት ስለ ዝኾና። ኣብ ቅንያት 24 ግንቦት ዘለዋ መዓልታት፡ ከተማ ኣስመራ በቲ እትሰለሞ ሰልማት፡ መብራህትታን ጽሩይ ኣየርን ብቓላት ዘይግለጽ ጽባቐ'ያ እትውንን። ብርግጽ ኣብ መዓልቲ ናጽነትና እነርእዮ ባህታን መንእሰይ ካብ ውሕጅ ይብርትዕ። ብኹሉ መኣዝናት ድማ ኣተኣማማኒ'ዩ። እቲ ንዓለም ዘጸብቐ ንሱ'ዩ ሓይሊ. እታ መርከብ ንሱ ስለዝኾነ እታ እትስዕብ ወደብ ብእኡ'ያ እትበጽሕ። ሓይሊ. እታ ኣፉራት ንሱ'ዩ ኣቡቲ መዓርፎ ድማ ኣሎ።



ሓገሸን ንናጽነትና ዘለና ክብርን እንህቦ ዋጋን'ዩ ዝገልጽ። እቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዘሕለፍናዮ ወርደት፡ ጭቆና፡ ስቓይን መከራን ዝመልኦ ህይወት፡ ከመይ ኢልካ ክርሳዕ። መግዛእታዊ ጭቆና ሓደ ካብቶም ህዝቢ. ኤርትራ ንሕሉፍ ሽግራቱ ብሓባራዊ መስዋእቲ ንመጻኢ. ብድሆታቱ ድማ ብሓድነት ንኽብድሆም ኪዳን ክኣቱን ስጉምቲ ክወስድን ዘገደዱ ምኽንያታት'ዩ። ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ኣኽቢሩ ቅንያት በዓል ናጽነት ን24 ግንቦት 1991 ጥራይ ንምዝካር ዘይኮነ ህይወት መግዛእትን ሳዕቤን ግዙእ ምዃንን እንተላይ ከም ኣካል ታሪኽና መጠን ኣብኡ እዩ ዝንጸብረቕ።

ተራ መንእሰይ ብቓላት ዝግለጽ ኣይኮነን። ኣብ ታሪኽ ኣብዚ. ዘለናዮ ዘመን ይኹን ኣብቲ ዝመጽእ መንእሰይ ሓያል'ዩ ሓይሉ ግን ኣብቲ ግቡእ መደብ ክውዕል ዝያዳ ኣድማዕነት የድልዮ። ንግዝኢ ኑብሱ፡ ደረጃኡ፡ ሰድራኡን ሕብረተሰቡን ኣዝብቡ በቲ ዘይሃጽፍ ሓይሉ ንለውጢ. ይግዓዝ። ናይ እንዳማጉ መንእሰያት ዓይነት ህይወት ዝቖድሕ ሓይሉ እናጥፍኣ ከንቱ ይጠፍእ። እቲ ናቱ ምስ ናቱ ኣወሃሂዱ ወሽጡን ደገኡን ዝምዕብለሉ ባይታን ኩነትን እንተ ደኣ ኣጣጢሑ ግና፡ ንሕብረተሰቡ ምስ ቀዳሞት፡ ንባዕሉ ድማ ኣብ ቀዳማይ ደስራ። ዓለም ኩሉ ግዜ ብመንእሰያት'ያ መቐታ እትዕቀን። ድኹም መንእሰይ እትውንን መሬት ትቐርር። ሃገር ናይ'ቲ በቲ ዝፈልጥ ሓያልን ጻዕራምን መንእሰይ ግና ጽገራዳ ትሸትት። ሰላቕን ዕልልታን ይሰምዓ። ዝመደቡ ዝኸኸ መንእሰይ ኣብታ ዝደልያ ደረጃ ናይ ምብጻሕ ክእለት





ምክትል ተለንተ ራሄል ሃይለ



ባህላዊ ምርኢት ኮንሰርት ሳኣላይ ሳልሕ ዓብደልቓድር

ዝኸፍት ምኳኑ እዩ። ብፍሉይ ብዓይኒ ኤርትራውያን ጠሚትካ ትርጉም ናጽነት እዚን እትን ኢልካ ነጻልካ መግለጺ. ክትህቦ ኣይከኣልን እዩ። ምኽንያቱ ህዝቢ. ኤርትራ ናጽነት ንምምጻእ ዝሰገሮም ብድሆታት እናኸበኩርም መሪርን ኣሰካሕካሕን ፍጻመ ዝሓቘፉ እዮም።

ስለ ዝኾነ ከኣ መንእሰይ ኤርትራ ሓለፋታት ትርጉም እዩ ዝህቦ። ስለዚ. ትርጉም ናጽነት ነቲ ናይ ትማሊ መንእሰይ ናይ ሎሚ ኣቦ (ተጋዳላይ) ትንፋስ ክኸውን እንከሎ፡ ዝያዳኡ ነዚ. ናይ ሎሚ መንእሰይ ድማ ኩሉ እዩ። ምኽንያቱ ክመሃር፡ ክምህዙ ክመራመር፡ ክምክት፡ ሃገር ክሃንጽ፡ ታሪኹ ከድምቕ፡ ርሁው ባይታ ክንጽፍ... ጽንዕ ሰረት ዘቐመጠ ፍረ ትውፊት ተጋዳላይ ስለ ዝኾኑ፡ ንትርጉምን ኢድላይነትን ናጽነት ንምግንዛብ ሕሉፍ መግዛእቲ ምዝኻር ብዙሕ ክንሰርሕ ኣዘናግዕ፡ ዮሃና ንኹሉ ናጽነት ዘምጸኣን ዘውሓሰን መንእሰይን ምሉእ ህዝቢ. ኤርትራን።

ታሪኽ ህዝቢ. ኤርትራ - ታሪኽ ብድሆታት'ዩ። ቃልሲ. ህዝቢ. ኤርትራ ንኽዕወት ንኽትኣምኖ ዘጸግም ብድሆታት'ዩ ሰጊሩ። ሰብ ዝሰርሖን ባህሪ ዝፈጠሮን ብድሆታት ሳላ ዝተሰገረ ከኣ እያ ኤርትራ ብኽልተ እግራ ክትረግጽ ክኢላ ኣላ።

ኣብዘ ብረብሓን በለጽን ዝመልኣት ዓለም ህላወኻ ንምርግጋጽ ክትሓልፎም ዘለካ ብድሆታት ቀሊልቲ ኣይኮኑን።

ህዝቢ. ኤርትራ ኣብ ጎደና ምዕባለ እናመረሸ ንዘጋጥምዎ ብድሆታት ንምስዓር ወትሩ ድሉው'ዩ። ታሪኽ'ውን ብድሆ ዝያዳ ከም ዘብልሕ'ዩ ምሂሩና። ሰላም፡ ቀጻሊ. ናብዮትን መኸተን ስለ ዝደሊ፡ ሕጂ'ውን ተራ መንእሰይ ዕዙዝ እዩ።



ብርሃን ናጽነት መበል 33 ዓመት 11-5-2024

ሕብረ

ሃማመተኤ

ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!

# 1991፡ ዓመተ ምሕረት ኤርትራ

ስምኦን ወልደሚካኤል



ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተደፍአ መርገም መግዛእቲ ንዘበናት ከም ግመ ባሕሪ ዲቑ ዝበለ ጸልማት ፈጢሩ ንምድሪ ኤርትራ ካብ ብርሃን ምስ ሓረሞ ዘበነ ደንበርበር ኣሰፊኑ'ዩ። ህድግለነ ዘይብሉ ጭካነ፡ ዓመጽ፡ ግህሰት፡ ውርደት ናይ ገዛእቲ ኣብ ዝባን ህዝብና ዓሪፉ። ኣካሉ ንምዕባር፡ መንፈሱ ንምቕሽራር ተቐንጢዩ፡ ተጋሂጹ፡ ተደሪዑ፡ ተናዒቑ፡ ተዘሊፉ። ገዛኢ ርሙሳት ግዙኣት እንተ ዘይፈጢሩ ግዝኣቱ ስለ ዘይረግጽ ኣካልናን መንፈስናን ንምርማስ ኩሉ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ብልሓትን መሳርያን ተጠቒሙ። ህዝቢ ኤርትራ ብኣባትር ሰብ ርሑቕን ቀረባን ተገሪፉ፡ ብዘሰምዖን ዘይሰምዖን ልሳን ተጸሪፉ፡ ጥንታዊ ማዕርጉ ተገፊፉ ኩብቅዕ ንኸርዓቱን መንነቱን ግን ኣሕሊፉ ኣይሃበን፣ ብእኣን ገይሩ ኸኣ ተቓሊሱ።

ንቓልሲ ንዋት ዘይኮነስ ልዕሊ ኩሉ ንያት እዩ ዘድሊ። ደርጎኛታት፡ ርእሰ-ማላውያን፡ መስፍናውያን፡ ወተሃደራውያን ገዛእቲ ምስ'ቲ ኹሉ ናይ ቅተል፡ ዘመት፡ ኣዕኑ ክእለቶም ነታ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጡ ጠቒሊሉ ዘቖመጣ ንያት ክበጽሕዋ ኣይከኣሉን። ጥሪቱ፡ ሃብቱ፡ መሬቱ፡ ሂወቱ ኣብ ኢዶም'ኳ እንተ ነበረ ንያቱ ግን ከሕድግዎ ኣይከኣሉን። ንያት ምንጪ ዓቢን ዘይነጽፍን ጽዓት እያ። ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ንያት ትንፋሱ ምሓለፈ ወይ ካልእ ምመሰለ። ንያት ህዝብና ተሰፋ ኣፈልፊሉ። እንክሃድም መዕቀቢኡ፡ እንክግተር ከውሒ፡ እንክምክት ከኣ ዋልታኡን ቀርኑን ንያትን ተስፋን እዩ።

ኣብቲ ነዊሕን ዘይጥጡሕን ጉዕዞ ሓርነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ንያት ወሃቢት ሓይሊ፡ ኣነጻሪት ራእይ፡ ሓሳሲት ንብዓት፡ ደባሲት ሓዘን ኮይና ኣገልጊላ። ኣብቲ ዝጸልመተን ዝጸንከረን እዋን፡ ጸጊምዎ ናብ ውሽጡ እምበር ናብ ግዳም ኣቋሚቱ ኣይፈልጥን። ካብ ሓዲድ ገድሊ ረብሪበ ኢሉ ኣየላገሰን፣ ብርኩ'ውን ኣይዓጸፈን። ገዛእቱ ብዙሓትን ዕንቱራትን ብምኳኖም ቀቲሉ ዘይኮነስ ኣረብሪቡ ጥራይ ከም ዝስዕሮም ተረዲኡ ንቓልሱ ናብ መን ኣረብረበ ኣደይብዎ። ኣገሪሁ ወይ ዓይኒ የብለይ ስኒ የብለይ ጠኒኑ ኣይኮነን ተቓሊሱ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ሸበድበድ ኣይነበሮን። ሰውራ ብባህሪኡ ፈናቓሊ'ኳ እንተኾነ እቲ ዝንቀል ንኽወድቕ እቲ ዝትከል ከኣ ንኽጸድቕ ዕድመ ወለዶታት ወሲዱ'ዩ። ብሃታሃታ ሳላ ዘይተፈጸመ ከኣ ናጽነት ኣብ ጽኑዕ መሰረት ተሸኺላ ትርከብ። ናይ ተጻብኦ ንፋሳት ነፊሶም፡ ወሓይዝ ውን ውሒዞም ኩብቅዑ ርግኣታ ግን ረጊኡ ክኸይድ ካብ

ዝሓገዘ ዝዓበየ ምኽንያት እቲ ሕጂ ዝቐረብናዮ መኸተ ጥራይ ኣይኮነን። ኣቐዲሙ ዝተነበረ ድልዱል መሰረት እንተዘይህሉ ዝወደቐ እምኒ ኣብ ምልዓል ምስ ተጸምድና።

መርገም መግዛእቲ ወዲቕዎ እምበር ከም ኩዓኑ ኣይተኸድናን። ገዛእቲ ክጉልብቡ፡ ንሱ ርእሱ ክቕላዕ ተረባሪቦም። ኣዒንቱ ክዕምትዎ ደፍዲፎሞ፡ ንሱ ከኣ መሊሱ ተኳሒሉ ቋሕ ይብል። ምስ ኑብሱ ከጻልእዎ ብዙሕ ተጣቢቦም፡ መሊሱ ከኣ ንኑብሱ ፈቲዋ። እቲ ነንብሱ ዘፍቅራ ሰብ እቲ ዝዓበየ ክህባ ዝኽእል ነገር ነገር ናጽነት ወይ ሓርነት እዩ። ሓርነት ከጎናጽፋ ከኣ ገደል ክኣቱ ኣይተማትአን። ከምቲ ድምጻዊ ነፍስሄር የማነ ገብረሚካኤል ባርያ

"ብህይወት ንምንባር ብሰላም
ናጽነት'ዩ መብራህቲ ጸላም
ንራህዋ ቅሳነት እፎይታ

ናጽነት የብላን መሰታ" ዝበሎ፡ ንናጽነት መሰታ ዘይብሉ መስዋእቲ ከፊሉ። "ብህይወት ንምንባር ብሰላም" ብዘይ ናጽነት ኣይርከብን እዩ። ህይወት ብናጽነት ተመጊባ እትዓቢ ተኽሊ እያ። ብዘይናጽነት ህይወት ፈለማ ትቕምሰል ጸኒሓ ከኣ ትሓርር፣ ሕርር ትብል ክሳብ መሊሳ ትጥጥዕ።

መግዛእቲ ከም መርገም ከም መዓት ምስ ወረደ እሞ ምዝራይ ምስ ኣበየ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝወረዶ መዓት ዘቑርር ስራይ እንተረኸበ ናብ እንዳ ጠንቆላይ ኣይከደን። "ተመን ኣብ እግርኻ፡ በትሪ ኣብ ኢድካ" እዩ ኢሉ። ካብቲ ዝወረዶ መርገም ናይ መግዛእቲ ብመኸተ ከም ዝነጽህ ሸዓ ኢሉ ተኸሲትሉ'ዩ። እቶም ንደርጎኛ ወራሪ ኣብ ዓዶም ምስ ቀተሉ (ቀቲሎም ግን ቀቢሮሞ እዮም) ዝፋነኑ እሞ፡

"እንተምቕጣንስ ባህታ ደኣ ይቐጥን
ቀታል ውዲ ንጉስ ዘይብል ዕጥንጥን"፡ ተባሂሉ ዝተገጥመሎም ደግያት ባህታ ሓጎስ ንብዕየትን ዝናን ኢጣልያዊ ሓይሊ ግዲ ከይሃቡ "ኣነ ካብ'ዚ መሰልና ክገፍፍ፣ መሬትና ክምንዝዕ፣ ሕርሻና ክግብት፣ ዱርና ክሓዝእ፣ ካብ ባሕሪ ዝመጸ መንግስቲ ናጻ ከውጽኣካ'የ" እዮም ዝበሉ። ብዙሓት ኣብ ከበሳን ቀላን ኤርትራ ኣንጻር ወራሪ ሓይሊ ኢዶም ዘርጊሖም ዝሓለፉ ኤርትራውያን ናጻ ኤርትራ ብዓይኖም'ኳ እንተዘይረኣይዋ ናጽነት ግን ኣስተማቒሮማ እዮም። ናጽነት ካብ ፍርሒ ገዛእቲ ተገላጊልካ "እምቢ ኣይግዛእን" ኣብ ዝበልካላ ግዜ እያ ትውለድ።

እታ ምስ ዓለምና ትብጽሓና ጸሓይ ክትብጽሓና ካብ ዘይከኣለት ጸሓይና ኑብርቕ ኢሎም ዝለዓሉ ተወሊዶም፣ ነቲ ዝረግአ ጸልማት ክትርብዑ በረኻ ዝኸዱ ሰውራውያን ወለዶ እቲ ጸላም መግዛእቲ ብብልጭታ ብረት ሓርነት ጋሊሆሞ። ባና ናይታ ኣብ 1991 መሊኣ ዝበረቐት ጸሓይ ናጽነት ኣብ 1961 እዩ ክርአ ጀሚሩ። ብዙሓት ዝበርሃሎም ሰባት፡ ኤርትራ ጌና ብኣራግጽ መግዛእቲ እናተሓምተለት ናጽነት ኤርትራ ይረኣዮም ነይሩ'ዩ። ኣብ 1983 ብስዉእ ኢሳይያስ ጸጋይ ዝተደርሰት፡

"ውድብና- ንዘይዝረግ ሰላም
ውድብና- ንዘይነቅጽ ለምለም
ውድብና-ንዘይጠፍእ ብርሃን
ትቃለስ ክሳብ ሃገርና ትሕደስ"

እትብል መዝሙር ብዛዕባ ሰላምን ብርሃንን ምርካብ ሰጊራ እቲ ቃልሲ ብዛዕባ ዘይዝረግን ዘይጠፍእን ሰላምን ምኳኑ እያ ትሕብር። እቲ ጓል ኣንከረ፡

"ልኡኽ ሰላም ሸገ ሰዉንዋና
ሓቒ ዕጥቂ መዓንጣ ሃዳና
ዘይትግረር ኣንበሳ በረኻ
ውጹዕ ህዝቢ ትጽቢቱ ካባኻ"

ኢላ ዝደረፍትሉ ተጋዳላይ፡ እቲ ደይብዎ ዝነበረ ብራኸ ንቕሓት ሰላም ከይተረኽበ ብዛዕባ ዘይዝረግ ሰላም፡ መሬት ከይለምለመ ብዛዕባ ዘይነቅጽ ለምለም፡ መሬት ከይበርሀ ብዛዕባ ዘይጠፍእ ብርሃን ክሓስብ ኣኽኢልዎ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብታ ንመግዛእቲ እምቢ ዝበለላ ዕለት ብናጽነት ነቢሩ፡ ብናጽነት ከኣ ተቐቢሩ። ናጽነት ክደሊ ዝጋደል ሰብ ጌና እናደለያ እንከሎ ንናጽነት ይፈልጣ እዩ። ንኣብነት ክኾነና፡ ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ኣብ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህግሓኤን ተሓኤ ማመን (1987) ተረኺቦም በታ ብምሳር መላእኽቲ ዝተጸርበት እርምትን ወሓለን መልሓሶም ዘዳመጽዎ መልእኽቲ ንመልከት። ኣቦይ ወልደኣብ ብቓላቶም፡ "81 ዓመት መሊአ። ካብኣተን ነዘን ዳሕረዎት 63 ኣብ ምድላይ ናጽነት ኣሕሊፈየን። … እወ ንናጽነት ወይስ ሓርነት ብኹሉ ዓቕመይ ብኹሉ ጽዓተይ ብኹሉ ፍቓደይ ልዕሊ 60 ዓመት ደልየያ። ቅድም ኣብ ኢትዮጵያን ኣብ ኤርትራን ድሓር ኣብ ሃገራት ዓረብ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣብ ኣመሪካ ሃለው እብላ ነይረ፡ ግና'ኸ ኣይረኸብክዋን። እንሆ ሎሚ ኣብ መበል 63 ዓመት ምድላየይ ንናጽነት ዝረኸብክዋ መሲሉ ይስመዓኒ ኣሎ" በሉ። ኣቦይ ወልደኣብ ነታ ኣብ 1991 ከም ዝመጸት እንፈልጣ ናጽነት ኣብ 1987 ኣብ ኢዶም ከም ዝጨበጥዋ እዮም ተዛሪቦም።

24 ግቦት 1991 ዓመተ ምሕረት ኤርትራ ዝጀመረትላ ዕለት እያ። ደም ህጻናት፡ መንእሰያት፡ ዓበይቲ፡ ኣዴታት፡ ኣቦታት፡ መሻይኽ፡ ካህናት እንተላይ ጥሪት ተኣኻኺቡ ንሰብ፡ መሬትን ባሕርን ኤርትራ ካብ መርገም መግዛእቲ ሓጺቡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣጽርይዎ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሳላቶም ካብ ኣበሳ መግዛእቲ ሓጺቦም ዘጽረይዎ ደቁ ንምርኣዩ ዘብህግ ቅጭን ህዝቢ ኮይኑ ኣብ መንጎ እቶም ብናጽነት ዝነበሩ ህዝብታት ዓለም ኮይኑ ክብረት ዝሓወሰ ናብራ ይነብር ኣሎ። 24 ግቦት 1991 ዕለት ምሕረት ኤርትራ ምኳና ኣብ እዋኑ ናጽነት ጌና ብውዕይታ እንከላ እቶም ዓቢ ማሰኛ ነጋሽ ሳግላ ንወርሒ ግንቦት ከምዚ በሉላ፡

ወርሒ ግንቦት'ዛ ቅድስቲ ቅነ
ግስጥስጥ ኣቢላ ዕነ ምነ
ካብ ውግእን ሞትን ሰብ ደሓነ፣

እታ ኤርትራውያን ክደልይዋ ዝወጹ ዝጠፍኦት ሓቂ ድሕሪ ሰላሳ ዓመት ዝወሰደ ድልያ ተረኺባስ ኣብ 1991 ህዝቢ ካብ ደቁ ተረኪብዋ፣ ደቁ ብዘምጽእሉ ጋቢ ናጽነት ተወንዚፉ ማዕረገን ሞቑን። ህዝቢ ኤርትራ ሆየ ሆየ ኢሉ ሸግ ዓወተ፡ ሰላምን ናጽነትን ምስ ወልዐ ጸላም መግዛእቲ መዕቖቢ ስኢኑ ካብዛ ሃገር ጠቕሊሉ ወጽዩ'ዩ። ሃልሃልታ ናይቲ ኣብ 1991 ኤርትራ ዝተኸለቶ ዳሚራ ንመላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሙቐትን ብርሃንን ለጊሱ'ዩ። ስነ ጥበባዊ ተጋዳላይ ሰሎሙን ጸሃየ ኣብቲ ቅነ 'ዓኾኳይ' ዘርእስታ ውርጽጽቲ ግጥሚ ጠቂዑ ነይሩ።

ዓኾኳይ ዓኾኳይ ኢሉ ተጋዳላይ
መዋእል ባርነት ኣውጺኡ
መዋእል ናጽነት ኣምጺኡ
መዋእል ሰላም መዋእል ሰናይ
ከሳቴ ብርሃን ተጋዳላይ

ኣቶ መስፍን በዓል ሓድሽ ዓዲ ሓላይ ብወገኖም ተጋደልቲ ምስ ኣተዉ ንዘተፈጥረ ደስታን ዝወረደ ምሕረትን ዝገልጽ ማሰ በሉ።

እምባሕ እምባሕ እምበር በላ
ከምዝን ኣሓ
ኪዳ በላ ዓንድራ ከም ኢራብ ሰስሓ
ተኾርምያ ዝነበረት ኣሳፌሓ
ጠምያ ዝነበረት ተመሲሓ
ቀርጫጭ ዝነበረት ተሰሪሓ
ጸልማት ዝነበረት እምበር በሪሃ
ምልሻ ዝነበረት ተነሲሓ
ወልደገባ ዝነበረት ተኒሲሓ
ይከኣሎ ምስ መጸ እሙን ኣርሓ
ወዲ ሳሕል ምስ መጸ'ወ እሙን
ኣርሓ

እቲ ዓቢ ጸልማት ተቐንጢጡ፡ ዘበነ ፍዳ ብዘበነ ምሕረት ተተኪኡ። ተጋደልቲ ከኣ ከም ኣምጻእቲ ናጽነት ብወለዶታት እናተመስገኑ ክነብሩ እዮም። 24 ግንቦት 1991 ዓመተ ምሕረት፡ ዓመተ ዕብየት፡ ዓመተ ድሕነት፡ ዓመተ ቅሳነት፡ ዓመተ ራህዋ ኤርትራ ዝጀመረትላ ዓመት ስለ ዝኾነት ንዘልኣለም ትኽበር፡ ትንበር።

ርሑስ በዓል ናጽነት!

ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!

መርሃዊ ገብረሚካኤል

# ጦብላሕታ ናጽነት - ሎምን ትማሊን!

'ናጽነት' ዝብል ኣምር ከም ዜጋ ሎሚ ክገልጾን ክትንትኖን - በዛ ብዓቕመይ'ውን ገለ ክብል እንተ ዝፍትን "ከም ደስታኻ ኣብ ደስ ዝበለካ ቦታን ግዜን ድሌታትካ ብዘይ ዝኾነ ስግኣት ክትተግብር ናይ ምፍታን



ሃዋህው እዩ" ብዝብል ምገለጽክዎ። ሎሚ ትርጉም ናጽነት ክስወጢ ዝኽእሉ ኑቶም ናጽነት ንምምጻእ ዝተኸፍለ መሪር ዋጋን ዝተሓልፈ ከቢድ ብረታዊ ቃልሲን ኣመልኪቶም ንሱብ ታሪኽን ማስተ'ኽሪራዊ ወዕሎኣምን ብምውካስ ዝተዳለዉ ጽሑፋት ድሕሪ ምድህሳሰይ እዩ። ብዘውሳኺ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ሰሚናራትን ኣኼባታትን ከምኡ'ውን ሱዳዊ ዛንታታትን ፈልሚታትን ክዕዘብ ኣብ ዝጀመርክሉ እዋን፣ ምስቲ ብህጻንነተይ ኣብ ሰኣሉ-ኣእምሮይ ዓቝሪዖም ዘጸናሕኩ ትርጉም ናጽነት ከወዳድሮ እንከለኹ፣ ብፍላይ ሎሚ-ሎሚ ዝተወዳበረ ስምዒታት ክወርረኒ ይፍለጠኒ።

ትርጉምን እንታይነትን ናጽነት ብቐሊሉ ዝገልጽ ኣምር ዘይምኳኑ - ኣጸቢቑ ይርድኦ እዩ። እንተኾነ፣ እዚ ንመበል 33 ዓመት ጽምብል ናጽነትና ንምድማቕ እንገብሮ ዘሎና ምሹብሻብት ሓደ ነገር ክዘክር እዩ ኣጉዲዱኒ። ኣብ ቀዳት ትርጉም ናጽነት፣ ብመንጽር ዕድመይ ንግዜ ማእከል ዝገበረ ሓሳባት ብምቕራብ ሓሳባተይን ተዘኪሮታተይን ክቃፍል። ኣብዚ ሎሚ ኩይነ ኣነ ከም ኣነ ንናጽነት ብኽልተ ሃዋህው ክገልጾ ምፈተኹ። ናጽነት ሎሚን ቀደምን፣ እዚ ማለት ከኣ ናጽነት ኣብቲን ናጽነት ኣብዚን እዩ። እቲ ንመጠን ንኣሰ ዕድመይ ማሰረት ዝገበረ መገለጺታት ናጽነት ቀደም፣ ዘይከም'ዚ ኣነ ሎሚ ዘለኹዎ

ብህጻነይ ምስ መሳቶይ ክርእዮ እንከለኹ፣ ክገጽ ተኣኪብካ ምዝንጋዕ፣ ፈቓዶ ዳሳት እናተዛወርካ ጥዑም መግቢ ብለዕካን ሱቒኻን ኣብ ዘዘተኽለ ጓይላ ምዝላል ካልእ ትርጉምን እንታይነትን ናጽነት ይሰውጠና ኣይነበረን።

ልዕሊ ኩሉ ዝዘክረኒ ሃዋህው እንተ ነይሩ ግን፣ ኣደታት ነቲ ውራይ ንምድማቕ ካብ ግዘውትና ዝተፈላለዩ ናውቲ ክሽነ ክእክቡ፣ ምዕሩግ በዓል ናጽነት ንምሕላፍ ነቲ ዓመት-ዓመት ዝተመጻጸአ ነገራት ብምእካብ መደባተን ብቐንያቱ ንምክዋን ካብን ናብን ክወናጨፉ ክዕዘብ እንከለኹ እዩ። ብወገን ኣቦታትና እውን እንተኾኑ፣ ካብ ኣደታት ንዝተረኽበዎ ገዛውቲ መብጸዓታት ምስ ዘለዎም ትሕዝቶ ብምክዋን፣ ሕሩድ ንምግዛእ ናብ ዕዳጋ ዘወር ክብሉ ኣብ ሎሚ ኮይኑ ይሰኣለኒ። ናይቲ ግዜ'ቲ መሳቶይን ኣነን ድሙ፣ ተሓቢእና ጉድኒ ጉድኖም እናኸድና ንዘንብርዎ ንጥፈታት ንጻወት ዘለና ኣምሲልና ክንከታተሎ እንከለና ትዝ ይብለኒ። እዚ ድማ'ዩ ቅንያት ናጽነት ንዓይ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ግዜ ተዘካሪ ህሞት ክኸውን ዘኽእሎ።

ብዘውሳኺ፣ ነቲ በዓል ንምድማቕ ክቕጽል ዝጸንሐ ስፖርታዊን ሱጥበባዊን ንጥፈታት መደምደምታ ዝረኽበሉ ግዜ ብምኳኑ፣ ሃንቀው ኢልና ንጽበዮ ቅንያት እዩ - ቅንያት ናጽነት። ብፍላይ እታ ነቲ ክቕጽል ዝጸንሐ ስፖርታዊ ንጥፈታት




እታ ዕውትቲ ጋንታ ሆ እናበልና ኣእጋርና ክሳብ ዘቖንዘወና ብድኻም ለሽ ኢልና ካብ ኣሰርም ክንተርፍ እንከለና፣ ናይ ደስታን ፈንጠዝያን ሃዋህው ጥራይ እዩ ዝመስለኒ እቲ ናይ ቀደም ናጽነት። ዝኾነ ካልእ ተዘካሪ ንጥፈታትን ዝሓዘለ ስምዒታት ቅንያት ናጽነት ድማ እዩ - ምስ'ዚ ሎሚ ብዓበእ ተረዲኣዮን ኣስተውዒለሉን ዘለኹ እንታይነት ናጽነት ብምዝማድ ዝተወዳበረ ስምዒታት ክቀላቐለኒ ዝፍለጠኒ።

መዓስ እዚ ጥራይ፣ ኣብ 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት፣ ኣብ ኩለን ከባቢታት ገዛውትና ዳሳት ስለ ዝትከሉ፣ ንኹለን እናበጻሕና ኣቦናይ ከባቢ ዝዖዳን ዝበለጸን መደባት ምዝንጋዕ ኣቕሪቡም እናበልና ኣብ ዲቕ ዝበለ ውድድር ብምእታው ንሓድሕድና፣ "እዚኣ'ዩ እቲኣ'ባ" ክንበሃሃል ጸሓይ እትዓርበና ዝበረት። ኑቶም ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ናይ ምሳሕ እንግዶት፣ ንናይ'ቲ ግዜ ደርፈታት ናጽነት እናደገሙ ብመዚቃዊ ስራሓም ዘጻውቱና ዝበሩ ጉጅለ ባህሊታት ገዛውትና እውን እንተኾኑ ሓደ ካብቶም ብፍሉይነት ዝዝከሮ ሃዋህው ቅንያት ናጽነት እዩ።

እዚ ደማ ተራን ኣጉዳስትን ኮማዊ ዳሳት

ንዓይን ንኽምዚ ከማይ መንእሰያት ደቂ ገዛውትናን እንታይነት ናጽነት ብዓበእ



ብፍላይ ኣብ ነኣሽቱ ህጻናት ኣብ ምስራጽ ሃገራዊ መንነት እኻሙ እምንመሰረት ምኳኑ ይረኣየኒ። በዚ ኣጋጣሚ ስድራ-ቤታት ተሳቲፎ ህጻናት ደቆም ኣብ ኮማዊ ዳሳት ዝዓዝሉ ዕድል ክፈጥሩ ይግባእ።

ናጽነት ቀደም ንጥፈታቱን ተዘክሮታቱን በዚ ዘብቅዕ ኣይኮነን። ዋላ ድኣ ዝበዝሕና ናይቲ ግዜ'ቲ ቆልዑ ብዕድመ ነኣሽቱ ንነበር እምበር፣ ናጽነት ገለ ትርጉም ሃገራውነት ከም ዝበር ግና ኣይዘንጋዕናዮን። ናይቲ ግዜ'ቲ መማሃራን ንናጽነት ዝተኸፍለ ማሳዋእቲ ምስ ዕድመና ዝሰነ ከፊላዊ ታሪኽ የዘንትዉልና ብምንባርም፣ ዝጋገ ትሕተ ርድኢት ናጽነት ኣይነበረናን። በዚ ምኽንያት ከይተሳ ኣይተርፍኑ ነታ ካብ ኢትዮጵያ ብኸበድ ብረታዊ ቃልሲ ናጽነታ ዝኣወጀት ሃገርና፣ "የኹርዕን የሐበንን እዩ" ኢልና ንኣምኑ ዝበርና ካርታ ኤርትራ ክንስእል ሓኸ ክንብል ንውዕል ዝበርና። እቲ ንቕርጺ ካርታ ኤርትራ ብልክዕ ኣብ መሬት ዘስፈረ ወዲ ግዘውትና ይኹን ጓል ግዘውትና ድሙ፣ ሓለፉ ኩልና ኮይኑ እናተሰመዓና፣ ነተን ብሰኽ ኣኻእሎ ጀሚርና ዘይወዳእናየን ስእሊታት ካርታ ኤርትራ ጉዲፍና፣ ናብታ ብልጽቲ ዝበልናያ ስእሊ ዓጉጉና ዝያዳ ንምጽባቓ ኣብ ሓያል ሓበራዊ ንጥፈት ንጽመድ ዝበርና።

እቲ ንጥፈታት እቲ ኣብ ናጽነት ዝበረና ርድኢት ሓበራዊ ክኸውን ባይታ ኣንጺፉ እዩ ሓሊፉ። እቲ ምንታይ፣ ልክዕ ከምቲ ናጽነት ንምምጻእ ሓበራዊ መስዋእቲን ወፍሪን ዝሓተተ፣ ድሕሪ ናጽነት'ውን ንምዕቃባን ዝያዳ ንምብልጻግን ኣብ ደምበኦ ሓበርና ክንዓለል ዝጽውዕ ሃዋህው ኣብ ኣእምሮና ክሰርጽ ዘኽኣለ ኩነታት ኮይኑ'ዩ ሓሊፉ። እቲ ናይቲ ግዜ'ቲ ዝኸረን ንጥፈታቱን ድማ'ዩ ሎሚ

ዝርደኦም ዜጋታት ኴይንና ንኽንንርኩብ እምንክርናዕ ዘገበረ ሃዋህው ኮይኑ ዘሰዕዓና ዘሎ።

ናጽነት ሎሚ፣ በዚ ሎሚ ዘለኹዎ ደረጃ ኣተሓሳስባ፣ ባህላዊ፣ ታሪኻዊ፣ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ ይኹን ቁጠባዊ ሸነኹ ክርእዮን ምስ'ቲ ዝሓለፍክዎ ከወዳድሮን እንከለኹ፣ ብርግጽ ኣብ ናጽነት ቀደም ብዙሕ ይተርፈና ምንባሩ - ሎሚ ክስቆረኒ ክኢሉ ኣሎ። እንተ ሎሚ ግን፣ ንናጽነት ብልክዕ ንእንታይነታ ዝገልጽ መጠኒ ሓረጋትን ቃላትን ክረክብ ኣይከኣልኩን። ሽሕ'ኳ ኣብ መጽናዊ ጽሑፋይ ብሕጽር ዝበለ ደስታ ማእከል ዝገበረ ሓሳብ እንተ ኣቕመጥኩ፣ እዚ ግና ይውክላ ማለት ዘይምኳኑ ክፍለጠለይ ምደለኹ። ሕሉፍ ምስ ህሉው ኣወዳዲረ - ቀደም'ውን ደስታ ኣይነበረን ደዩ? ዘየዕ ከይከውን፣ ብዕድመ ካብቶም ድሕሪ ናጽነት ዝተወለድኩ ብምኳነይ፣ ነቲ ቅድሚ ናጽነት ዝበረ ርድኢት ምስቲ ድሕሪ ናጽነት ዝበረ ሃዋህው ብምንጽጻር ንምግላጹ ዝተጠቐምኩሉ ሓሳብ ምኳኑ ክነግር ኣሎም። እቲ ሓሳብ ናይ ሎሚ እዩ፣ ምንጪ ፍልቀት'ቲ ሓሳብ ድማ ንታሪኻዊ ድሕረባይታ ናጽነት ዝተኸፍለ ማሳዋእቲን በዓሊ ኩነታትን ማሰረት ዝገበረ እዩ። ንዘርከቦሉ ግዜን ኩነታትን ኣብ ሎሚ ኴንካ ብኸመይ ክትርድኦን ክትገልጾን ፈቲንካ? ዝብል ሕቶ እንተደኣ ሰዒቡ፣ እቲ መልሲ ንጹር እዩ። ናብ ቀዳማይ ሕጥቦ ጽሑፍ ናይ'ዚ ትሕዝቶ ምልስ ኢልካ ምውካስ ይክኣል እዩ። ሳላ ኣብ ግዜኦም ዝተሰነዱ መጻሕፍትን ዝተሰርሑ ሱዳውያን ፈልሚታትን፣ ትርጉምን እንታይነትን ናጽነት ኣብ'ቲን ኣብ'ዚን ዘለዎም ታሪኻዊ ምትእስሳር እየ ክየገዝዕብ ክኢለ።

**ርሑስ ቅንያት ናጽነት!!**



# ሰላምን ሰርናይን

ጴጥሮስ ተፈሪ

እዚ ዛንታ'ዚ ሓቀኛ ዛንታ ናይ 1989 እዩ። ወቅቱ ወርሓት ጽድያ እኳ እንተነበረ - ልክዕ ከም'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ክረምቲ እቲ ክዝርም ዝነበሮ ዝናብ ኣዝመራ እውን ዕጮ ሓንፈፉ፣ ሰማይ ልክዕ ከም'ቲ ዕርቃኑ ወጺኡ ዝነበረ መሬት ጥራዩ ነበረ። ሰማይን ምድርን ደሪቑ ላዕሊን ታሕቲ ብማዕረ ዓሪቑ። ጥራት ዝበኣዕ ስኢነን ዝረግፉሉ ዝነበራ ሕሱም ወቅቲ። ኣናጹ እኳ ሓሰምወን ኑቲ ዝነበረ ሰራውኑ ኑቲ ጉንዱ ቀርበዙ በለይፀን ክሳብ ላዕሊ ስለዘበጽሓኦ - ሰምኢ ከምዝሓዞ ሰቡ፡ ጻዕድዩ ዕምባባ መሰሉ ይረኣ። ብኸብበኡ ኣብ ጽንም እዩ ነይሩ፡ ብፍላይ ናይ ጥራት ዝበኣዕ ተሳኢኑ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበረ በለስ እኳ ጉላዕታኡ ቁቁሪጻኻ ከምዝምገቦኦ ስለዝተጉበረ፡ ጉንዲ ጥራይ ሐዚሩ ተሪፉ። እቲ እዋን እቲኳ ኣይመስሉ።

ሓደ ረፍዲ፡ ኑተን ሓመድ እኳ ልሐሰን እንተኣተዋ ንበረኻ ሐዝናየን ንወፍር ጥራት ሐዝና፣ ናብ'ቲ ዕርቃኑ ወጺኡ ልክዕ ከም'ቲ ጽርግያ፡ ጸለሎ መሰሉ ዝነበረ ዋልኻ ወፈርና። ዓዲ፡ ኣብ ናይ ምዝላይ ስራሕ ተዋፊርም ኣብ'ቲ ከባቢ ይዝልዩ ነበሩ። ውዕሉየም ብስርናይ ክኸፈሉም እዮም ዝጸበዩ። እቲ ካብ ጉልጉሉም ዝሰኣኑዎ ደቆምን ኑበሶምን ክጥውረሉም ዝኽእል ዝነበረ ስርናይ፡ ልዕሊ ማንም ሃረር ዝበልዎ ዝነበሩ ቅጫ ስርናይ። ኣብ ከም'ዚ ሃንቀውታ ጥሐሉም ተደፊኦም ብጹሓይ ጸመ'ርበዩ ኣይሂ እናረሃጹ ዝሰርሑሉ ኣብ ዝነበሩ ህሞት፣ ሓንቲ - ሓደ ዓይነት ክዳን ዝነበሩ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝሓዘት ናይ ጽዕነት መኪና መጺኣ ኣብ ወሰን እቲ ጽርግያ ደው በለት።

እቶም ቤታ መኪና ናብ ኣስመራ ዝሓልፉ ዝነበሩ መንእሰያት፡ ብሓደን ናብዘን ናብትን ንላዕልን ንታሕትን እናበሉ፡ እናዘለሉ ክደርፉ ጀመሩ። ከሉ ኢጋጥሚ እዩ። ንሕናን እተን ጥራትናን እቶም ግራውቲ ዝዝልዩ ዝነበሩ ሰብኡትን ኣንስትን ኣብ ጥቓ እታ መኪና ደው ዝበለትላ ኢና ነይርና። ዕድሎም ጸቢቑሎም ብዚይ ሓሳብዎ ተኣኪቡ ዝጸንሐ ተዓዘቢ ህዝቢ እዮም ረኺቦም። ኣቦላት ከኑት መንእሰያት መንደፈራ እዮም። ሽዑ እቶም መንእሰያት

**ሰላም ደኣ ሰላም - ሰላም ሰላም**
**ሰላም ደኣ ሰላም - ሰላም ሰላም**
**ስርናይ ንወጹዓት - ስርናይ ስርናይ**
**ስርናይ ንሓረስቶት - ስርናይ ስርናይ!**

እናበሉ ብሓደን ብስምረትን ደረፉ'ሞ፡ ንዖና ኑቶም ኣብኡ ዝነበርና ዓበይትናን ንኣሽቱናን ሃሰን ኣበሉና።

ብፍላይ ኑቶም ኣብ ስራሕ ምዝላይ ዝነበሩ ካብ ዝተፈላለያ ዓዲታት ናይ'ቲ ከባቢ ዝተኣከቡ፡ ንሰብኣዮም ሰበይቶም ሕልፍ ዝበለ እመስሉ። እታ ደርፊ በዘን ዝተገልጸ ግጥሚን ብሓንቲ ዜማን ጥራይ እያ ትድጋገም። እቶም ከኑት ድሕሪኡ መዓልቲ ክንደየናይ ከም'ዛ ናይ'ዛ መዓልቲ እዚኣ ብስምዒትን ክሳብ ዝልህልሁን ደሪፎምን ሳዕሲዖምን ክኾኑ ኢሎም።

እቶም ጓሶት ተዓዚምና ኢና ንርኢ። እቶም ዓበይቲ ሽዑ ዝሳዕስዕዎ ግና ተሪጺዩ ኣይፈልጥን። ኣፍራዝኦምን ባዴልኦምን ንላዕሊ ናብ'ቶም ኣብ ልዕሊ መኪና ኮይኖም ዝደርፉ ዝነበሩ ዘቐንኡ መንእሰያት እናኣወጣወጡ፡ ክሳብ ዝርህጹ "ሽሽ" በሉ። ሻቡ ካብ'ቶም ዝደርፉ ዝነበሩ መንእሰያትን ዝሰዕሰዑ ዝነበሩ ሰብኡትን ዝፈሰስ ዝነበረ ረሃጽ፣ ካብ ምልእ ናይ'ቲ ዓመት እቲ ዝዘነበ ዝናብ ይበዝሕ ነይሩ።

- ሰላም ደኣ ሰላም - ሰላም ሰላም
ስርናይ ንሓረስቶት ስርናይ ስርናይ!

ኣብ'ቲ ሽዑ ግዜ "ሰላም ሰላም" ዝብል ደርፍታት ብትግርኛ ኮነ ብኣምሓርኛ ገኑ እዩ ነይሩ። "ስርናይ ስርናይ" ዝረኣና ነይርና። ካልእ እንተ ተረፈስ "ዝጉዝና በለው ዝጉስ ተገንጣይን ቡድን ደምስስ" ኢሎም ክደርፉን ንሞልቂ ከወፍርዎምን ተደምሲሶ ቁንጣሩ ክምለሱን ብዓይንና ርኢና ነይርና። እንተኾነ፡ ዋላ እቲ ኣስመራ እናከደድ ኣብ ቴሌቭዥን ንርእዮ'ውን ዘይረኣና መዓስ ኩይንና!!

ተላሂይቲ ሰላምን ስርናይን ክዳውንቶም ክፍተውኑ፡ ደርፎም ክፍተወካ ቅጫ ቅጫ ኢሎም ዝደርፉን ኣብ እዋን ሕሱም ቅጫ ዝጽውዑን ኣቦይ ደርከበ። እተን ኣዋልዶም ካልእ ዓይነት እዮን። "ዝኣተን ዝምርጾስ ፈጠሩሉ" ዘዮብላ ኣይከኑናን። እንተ እቲ ናይ'ቶም ዝበል ደርፊ ግን - ቦኽሪ እዝንና ነበረ።

ኑቲ ናይ ሽዑ መዓልቲ ደርፊ ርኢኹ፡ ስርናይ ንጸባሒቱ ደበኽ ኢሉ ዝመጽእ እዩ ዝመስል ነይሩ። እቶም ሕያዎት ግበር እውን ክሳብ ክንድኡ ዝሳዕሰዖም ዝነበረ ብሰንኪ በቲ ዓመት እቲ ዝነበረ ደርቂ መዕበዪ ደቆም ኣሲኪፍዎም ስለዝነበረ እሞ - ቤታ ኣብ ዓይኖምን ሕልሞምን ዝነበረት ስለዝመጽእዎም ይኸውን ክሳብ ክንድኡ ብስምዒትን ወረን ዝወዛወዙ ዝነበሩ። እንተ ንሕና፡ ኑቲ ሰላምን ስርናይን ዝበሃል ዝነበረ ሽዑ'ኳ ኣየናይ ኢልናዮ - ግና ካብ ዝመጽእ ይምጻእ ንጸባሒቱ ሀሩግ ክነበሉና ኢና ዝተጸበና።

ድሒርና ከምዝተረዳእናዮ እንተኾይኑ ግን ያኢ እቲ ሰላም ካብ'ቲ ኣብ መንነ ስርዓት ደርግን ህዝቢ ግንባርን ኣብ ናደርቢ ዝግበር ዝነበረ ናይ ሰላም ዘተ እዩ። እቲ ስርናይ ከኣ ከም'ቲ ኣሃን መሰልተይን ዝተጸበናዮ ንጸባሒቱን ካብ መንደፈራን ክመጽእ ዘይኮነ ካብ ካናዳን ኣብ ዘይተፈልጠ መዓልትን። ልክዕ ከም'ቲ ንጸበዮ ዝነበርና ዝናብ ኣዝመራ ዝመጽኣሉ እዋን ፍሉጥን ርጉጽን ኣይነበረን።

መቸም ቤቶም ዝደርፉ ዝነበሩ መንእሰያት ብቐንኢ ዝኾንናዮ ካልእ እዩ። በቲ ዝጉበርዎ ዝነበሩን ኑቶም ዝዝልዩ ዝነበሩ ግበርን ሓለፍቲ መንገድን ንዖና ጓሶትን ሃሰን ዘበል ደርፎምን ሳዕስዒቶምን ሽሕ ግዜ ከምኦም ክትኮውን ዘመኒ ነይሩ። ብዙሕ ግዜ ደርፊ ወረ ዳርጋ ዕሉታዊ ብሬደዮ ንሰምዕ ነይርና ኢና። ብተለቪዥንን ብኣካል ክደርፉ እውን ክንዲ ናይ'ዚኦም ኣይመስለናን።

ደቂ 7-8 ዓመት እንክለና ኸኣ'ባ ከምዚኦ እተህንን ኢጋጥሚ ርኢና ነይና። እቶም ናይ 1979 ካብ ኣስመራ ዝመጽኡ ክልተ ኣዋልድን ክልተ ኣወዳትን ሳዕስዑ፡ ጸገርም ኣፍሮ እዩ። ስራኦም ላዕላዩ ጸቢብ ስለፎም ቀጥ ኣብሉ ዝሓዙ ታሕታዩ ግና ገፊሕ - እንተኾነ ጠበዩ ዓይነት። ሓደ ወዲ ምስ ሓንቲ ጓል ብምኳን ኣብ ክልተ ጸምዲ ተመቒሎም

**በቲ ጸዕዳ ፈረስ ማይ በላ ሰበረ**
**ኣብኡ ረኺቦዎ ጅግና ወዲ ኣረ**
**ሰበይቲ ጢ . ምኽትብዮ ሐዝዋ**
**ጅግና ተጋዳላይ ተዋሐሱ ኣወጺእዋ**

ኢሎም ክደርፉን ብመቐመጫኦም እናተረጸሙ ክስዕሱን ንዘክር።

ናይ'ዚኦቶም እውን ካብ'ተን ኣዘዮን ዝማሰጣና እኳ እንተኾኑ፡ ግናስ ተኣኪብና፡ ሰበይቲ መሊቕዋ ኢልካ'ዶ ክሳብ ብዋሕስ ትወጽእ ትሕዘን ትኣስራን ኢኻ!! ንሳ'ኸ ኣብ ቅድሚ ሰብ ብፃብያ እንታይ ወሪድዋ? እቲ ምኽትብዮ'ኸ ከመይ ዝበልዎ እዩ? ናይ ሰብ ዘርዓይ ዶኾን ኩይኑ እዩ ኢልና ክንግረም እንዘክር። ምኽንያቱ ንሕና ንጥራት ዘርዓይ እንተዘረዕወን ብዋሕስ ከምእተውጽኣን ኢና ንፈልጥ። ተጋዳላይ ኣይንደልየለንን ዝነበርና። እንታይ እዩ ንተጋዳላይ ኣብ ዘድሊን ዘየድሊን ሞኽ ምግልክ ካልኡ ዘይኣኽሎ። እምበርከ ኣብ'ቲ "ሰላምን ስርናይን" ዝድረፈሉ ዝነበረ ጉልጉል ከይተረፈ ተጋዳላይ ከጊደየም ብኣዒንትና





ኣወዳት ኣመሻሽጣ ጸጉሪ ጅንትራ እውን ንፈልጦን ንምሽጦን ጥራይ ዘይኮኑ፡ ገለ ካብ'ቶም ዝደርፉ ዝነበሩ ንፈልጦምን ንዖዲ መጺኦም ጅንትራ ዝምሽጡናን እኳ ነይሮሞም። እንተ ከም'ቲ ናቶም ደርፊ ግን፡ ንሕና ኣይንደርፎን ኢና። ንኽእሎ እውን ኣይመስለናን። ንሕና ኣብ ንግደት ዓድና በረኻ ወዓልና ምስኣቶናን ምስ ተደረርናን ተኣኪብና -

**ሕምባሻ ናይ ጋሻ**
**ሰላም ናይ ኣደይ ማርያም**
**ሕምባሻ ናይ ጋሻ**
**ሰላም ናይ ኣደይ ማርያም**

እናበልና ኢና ጉዙዝ እናኸድና ንደርፍ። ኣብ ዘዘኣተናዮ ገዛ ከኣ ብስርናይ ዓድና ዝተሰንከተ ሕንባሻ ይወሃበና። ምስ ኣኪበናዮ ምስ'ቶም ከም'ዚ ከማና ጓሶት ኩይንና ካብ ጉደቦ ዝመጽኡ ኣብ ሰዋር ዓደም ኮይኖም ምሳና "ያላኻ" ክበሃሉ ዝውዕሉ ንማቐሎ። ኣብ ንግደት ዓደም ከምኡ ገይርም እዮም ዘኣንግዱናን ዝቕበሉናን።

እዚ ክንጉብር እንክሎና
ግና፡ ከም'ዚ ናይዞም ደምጻውያን
ስርናይን ሰላምን ሓደ ዓይነት ክዳን
ኣይንጉብርን ኢና። በቲ ንኣውደኣመት
ዝተኸደንናዮ ናይ ገለና ብመዓኑ
ተበጃሉ ብዘተፈላለየ ሕብሪ ጨርቂን
ፈትሊን ዝተሰፈየ፣ ግና ንኣውደኣመት
ተባሂሉ ተሓጺቡ ተቐሪቡ ዝቐየ።
ናይ ገለና መዓልትና ዘጸበቐትልና ከኣ፡
ሓድሽ ላዕሊን ታሕቲን ካኪ ገይርና
ኢና ንደርፍ። ቃዕቃዕታ ዝመልገሙ
"ሃይሰፍ ወይ ፖለስተር" ውሑዳት
ዝለበስዎ ዝተኸደኑ ከኣ'ባ ኣይሰኣኑናን፡
ግና ኣይንቐንእን። ንድኻትካን
ጸገማካን ብቐንዕና ምቕባል ስለዝነበረ፡
ዘይተኸደንናዮ ኢልና ኣይንሓፍምምን
ዝነበርና። ወይ ኣቐዲምና ኣድሪ ኣኪብና
ብምሻጥ ሰልዲ ከዋህልል ነይሩና።
ኣድሪ ደሊና ኣብ ማእከል ዘይተዓጸደ
ስርናይ ግን ኣይንኣቱን። ወይሊይ
ረሲዐልኩም እብ ነይሩ። ኣብ መርዓ
ከኣ'ባ ምሸት ካብ **በረኻ ምስኣቶና** -

**ድሪርና ድሪር ጓሶት**
**ድሪርና ድሪር ጓሶት**

እናበልና ንደርፍ ነይርና። ሓደ መዓልቲ ኣብ ሓንቲ መርዓ "ድሪርና ድሪር ጓሶት" ኢልና ምስ ደንገዩና ሽም-ዓስ "ኢያ ክፍለ" ስለዝነበረ፡ ምስ'ቶም ክልተ ደቀ'ያ ክፍለ ኩይንና -

**ኣቲ ሰቦር ጀበና**
**ኢያ ክፍለ ድሪር ከሊኣና**
**ክንተሓጋገ ኢና!**

ኢልና ምስ ደረፍናን ምስ ፈከርናን - ኢያ ክፍለ ሕያዋይ እዩ ዝነበረ'ሞ "ወዲ ፍቓዱ'ኸ! ኣንታ ዘንገዕዶ ብዘይኻኹም'ኳ ክድረር ዝዮጉበኣ ዘየሉ፣ ኣይንሸኻትኩም እንዲኹም ሰብ ብኾፉ ዝበን ጥራት ኣምሲሕኩም ኣድሪርኩም ጠርኒፍኩምወን ዝኣተኹም" ኢሉ፣ ኣከቡ ውዕይቲን ስጋ ዝጠዙሓታን ጹቡሒ ኣምጺኡ ሃበና። ንሕና ከኣ ኑቲ ሓድሽ ጣይታ ሸውሺና ተደረርና።

ድሕሪ ምድሪርና ክንሞጭፍር ጀመርና - ከመይ'ሲ መሰልና ረኺብና ኢና ግቡእና ክንጉብር ኣሎና። ክሳብ ጓይላ ዝጀምር ንሕና እናጨፈርና ኢና ኑቲ ኣብ'ቲ ዓስ ዝነበረ ሰብ ከዘናግዩ ዝዮጉቑ። ጨፈራ ቅሉት ዝበዙሖን ዝተሓወሶን እዩ፣ እንተኾነ ከም ነውሪ ዝፈጸምካ ኣይጽብጸብልካን።

**ሸዊት ላለየ ሸዊት ላላ - ሸዊት**
**ኣንቲ ወይ ሓሞተይ ወይ ሓሞተይ**
**ዘይትህብኒ ኢኺ እታ**
**ሰበይተይ**
**ሓጺሩኪ ደዩ እቲ ቁመተይ . . .**

እንተኾነ፡ እዚ እውን ሓደ ዓይነት ክዳን ተኸዲንናን ተሰሪዕናን ዘይኮነ፡ ብዘወዓልናዮ ገለ ጸቡቕ ክዳን፡ ገለና ካምቻና ቀዳድ ገለና ሃጻላ ዘይብልና እዩ። ብውልቀም ዝሰኩ ከኣ፡ እታ ኩልና ክንሕዛ እንኽእል በትሪ'ኳ ዘይብሎም። ግና ሰኸፍ ዝበለና ኣይነበረን ኩሉ ብኸም'ኡ ዝሓለፈ እዩ። ኣብ በዘዮዱ እውን ተመሳሲሉ።

እቶም ሰላምን ስርናይን እናጠቕሱ ዝደርፉ ዝነበሩ ደርፎም ወዳኦም ክፉኣው እንክለው፡ ብኡ ንብኡ ናፈቕናዮም። ንጸባሒቱ እቲ ዝበልዎ ስርናይ ፈኖ ተቐይሩ ከመጽኣና ሃንቀው ክንብል ወዓልና። እንተ ሰላም ኩይኑ ከኣ ኑቶም ኣብኡ ዝነበሩ ጦር-ሰራዊት ዝወስዳ መካይን ብጢሓቱ ጠበሽ ክብሉ። እቲ ረሲ ናይ'ቲ ደርፊ ከምኡ እዩ ዝመስል ነይሩ። እንተኾነ፡ ስርናይን ሰላምን ኣይመጽኣን ሃረር ኢልና ተሪፍና። ጸላኢና ኣማዕዓዊ እንዳማጉ ይኹን! እቲ ሰላምን ስርናይን ድሕሪ ክልተ ዓመት እዩ ተረኺቡ።

እቲ ካብ ካናዳ ዝተጸበናዮ ስርናይ፡ ካብ'ቲ ዓድና ዝዝልዩዎ ዝነበሩ ጉልጉል - ብዕላ'ቲ ኣብ እዋን ደርፊ "ስርናይ ስርናይ" ጥራይ ዝነበረ'ሞ ድሓር ዘዘመረን ሽሻዩ ዘፍሰሰን ሰማይ። እቲ ሰላም እውን ካብ'ቲ ንልብታትና ተሰፉ ምስ መልኣ ተሰፉኡ ዝመልአ ገድሊ ኮነ፡ ሳሕል ሰላም ወሊዱ፡ ብናይ ናጽነት ሰላም ተደበስና።

ሎሚ እቶም ሽዑ ሰላምን ስርናይን ዝልምኑልና ዝነበሩ መንእሰያት፡ ድዮም የብሊዮን። ዋላ ሓደ ካብ ካብኣቶም ደረፋይ ዝኾነ የለን። እዞም ናይ ሎሚ ተላሂይቲን ደረፍቲን መንእሰያት ግና፡ ርግጸኛ እየ ሸዊት ስርናይ፡ ሸዊት ስንም፡ ሸዊት ዓተርን ሸዊት ዕፉንን ዓተርም -

**ስርናይ ብጻዕርና - ስርናይ ስርናይ**
**ሰላም ብቓልስና - ሰላም ሰላም**
**እናበሉ፡**

ሰላምን ስርናይን ብጻዕሪኻን
ብጽፍሪኻን ጥራይ ከምዝርከብ ኣሚኖም
ከምዝጽዎኑ። እወ ስርናይ ብጻዕሪ ሰላም
ብቓልሲ!!

# PROGRAMME ANALYST, RHCS

Vacancy announcement # 001/2024

| | |
|---|---|
| **Job title:** | Programme Analyst, RHCS |
| **Level:** | NOB |
| **Position Number:** | 203483 |
| **Location:** | Asmara, Eritrea |
| **Full/Part time:** | Full-Time |
| **Fixed term/Temporary:** | Individual consultant |
| **Rotational/Non Rotational:** | Non-Rotational |
| **Duration:** | 4 months (non- renewable) |

## The Position:

Reproductive Health Commodity Security related programmes, comprising of family planning commodities and maternal health life-saving medicines. S/he also oversees procurement planning, forecasting and budgeting, procurement ordering, inventory tracking and monitoring, reporting, logistics management information systems, policy and advocacy. The staff member provides technical and programmatic support to planning implementation, monitoring, and evaluation of UNFPA's support to the national family planning program within the context of integrated SRHR. S/he supports the country office in contributing to accelerating progress on the ICPD agenda and SDGs. S/he also collaborates with and supports the work of the CO's operations/administrative support staff, and program staff working on SRHR, Gender, Adolescent and Youth, HIV, and Population and Development.

### How you can make a difference:

UNFPA is the lead UN agency for delivering a world where every pregnancy is wanted, every childbirth is safe and every young person's potential is fulfilled. UNFPA's new strategic plan (2022-2025), focuses on accelerating the achievement of the three transformative results: to end preventable maternal deaths; end unmet need for family planning; and end gender-based violence and harmful practices.

In a world where fundamental human rights are at risk, we need principled and ethical staff, who embody these international norms and standards, and who will defend them courageously and with full conviction.
UNFPA is seeking candidates that transform, inspire and deliver high impact and sustained results; we need staff who are transparent, exceptional in how they manage the resources entrusted to them and who commit to deliver excellence in programme results.

### Job Purpose:

The Programme Analyst, RHCS works closely with other staff in the UNFPA Sexual and Reproductive Health (SRH) unit to enhance RHCS initiatives. S/he analyses and assesses relevant political, social and economic trends and provides substantive inputs to UNFPA Country Office (CO) on HIV/AIDS and condom programming, including planning, monitoring, evaluation and reporting. S/he is engaged in joint programming under the UN 'Delivery as One' umbrella and works closely with other SRH development partners.

S/he coordinates activities of related project staff and consultants, and ensures oversight of the work of Implementing Partners (IP) in close collaboration with operations staff, programme officers, and counterparts at the Regional Office and HQ as well as in other UN Organizations, technical staff in government ministries and civil society organizations to ensure successful implementation of UNFPA-supported programmes to enhance RHCS and Family Planning, including the management of supply chain systems.

Within the context of health system strengthening and financing, the Programme Analyst RHCS analyzes relevant political, social and economic environment and trends; provides substantive inputs for the formulation, management, monitoring and evaluation of a comprehensive RHCS programme related activities; contributes to CO's efforts in advocacy, policy advice/dialogue and resource mobilization in support of RHCS and family planning; provides technical support and contributes to building the capacity of partners for the implementation of Country Programme activities. S/he facilitates the delivery of UNFPA's programmes by monitoring results achieved against set targets. S/he facilitates the work of consultants, advisors, experts; establishes and maintains collaborative relationships with counterparts in government, multi-lateral and bilateral donor agencies and civil society to address emerging issues. S/he effectively influences counterparts from diverse backgrounds to jointly contribute to achieving UNFPA's mandate. S/he plays a pivotal role in managing resources for RHCS and Family Planning from potential development partners. S/he is a substantive contributor to the SRH unit and overall UNFPA CO programme team.

### Responsibilities:

The Programme Analyst, RHCS will be responsible for:

**A. General Programming**

- In collaboration with Government counterparts and other partners contribute substantively to the formulation and design of the country programme and its AWPs, with particular focus on RHCS and Family Planning, in line with Government priorities and according to UNFPA programme policies and procedures. Ensure quality of programme/ project design incorporating lessons learned, newly developed policies and best practices and establishing appropriate execution and monitoring mechanisms and systems.
- Contribute to analysis and research of the political, social and economic situation in the country and preparation of substantive inputs to United Nations programming processes (Common Country Assessment [CCA], United Nations Sustainable Development Cooperation Framework [UNSDCF], Country Programme Development [CPD], as they relate to RHCS and Family Planning, including management supply chain systems.
- Analyze and report on assigned programme and project progress in terms of achieving results, using existing monitoring and evaluation tools and introducing new mechanisms and systems; identify constraints and resource deficiencies and recommend corrective action. Monitor assigned projects' expenditures and disbursements to ensure delivery is in line with approved project budgets and to realize targeted delivery levels.
- Expedite and coordinate project implementation establishing collaborative relationships with executing agencies, experts, government counterparts, civil society organizations, and other UN agencies facilitating timely and efficient delivery of project inputs and addressing training needs of project personnel with focus on RHCS/ Family Planning.
- Help create and document knowledge about current and emerging trends and issues in RHCS and Family Planning, by analyzing programmes, projects, strategies, approaches and ongoing experience for lessons learned, best practices, and shares with management for use in knowledge sharing and planning future strategies.

**B. Technical Expertise/Management**

- Analyze and interpret the political, social and economic environment relevant to RHCS and Family Planning and identify opportunities for UNFPA assistance and intervention. Keep abreast with new policy developments and strategies by analyzing policy papers, strategy documents, national plans and development frameworks and prepares briefs and inputs for policy dialogue, technical assistance coordination and development frameworks.
- Represent UNFPA in relevant national and sub-national and articulate UNFPA mandate on RHCS and Family Planning.
- Ensure increased availability and use of existing data on RHCS and Family Planning, with special attention to sub-analysis of data from census demographic and health survey, and other surveys, statistics, etc.
- Create substantive knowledge of RHCS and Family Planning issues in the country, assess technical assistance needs in these areas and advise on the suitability of programmes and related interventions to meet these needs.
- Manage condom programming (monitors the status of condom availability and utilization, etc.) in consultation with other national and international stakeholders, with a view to have a viable, sustainable, updated and responsive condom supply for prevention of HIV/AIDS, other STIs, and unplanned pregnancies, as part of Reproductive Health Commodity Security systems in the country
- Contribute to strengthening of advocacy for RHCS in general and family planning in particular.
- Contribute to development of appropriate RHCS communication strategies and corresponding materials.
- Advise the SRH team in order to ensure that the specific needs of RHCS are fully addressed.

CONTINUED ON PAGE 10

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# PROGRAMME ANALYST, RHCS

CONTINUED FROM PAGE 9

C. Advocacy and Resource Mobilization and Funds Management

* Assist advocacy and resource mobilization efforts of Country Office by preparing relevant documentation (i.e. project summaries, conference papers, speeches, donor profiles, and participating in donor meetings and public information events).
* Develop factsheets, briefing materials, info graphics, and presentations for public information, advocacy and resource mobilization purposes.
* Prepare relevant proposals with RHCS and Family Planning components and share information about UNFPA tools for co-financing and funding.
* Build strong technical and programme multi-sectoral partnerships to enhance advocacy for RHCS and Family Planning within the broader SRHR agenda, through national institutions, networks, alliances and coalitions. Monitor and keep updates on existing and potential partnerships. Follow through and ensure that recommendations and action points agreed to are addressed.
* Prepare and manage relevant budgets; Monitor expenditures to ensure delivery is in line with approved budgets and to realize targeted delivery levels and deliver timely and accurate reporting of financial information.
* Manage assets that have been procured by the UNFPA and supplied to the implementing partners; ensuring that they are put to proper use.
* Represent UNFPA at key events where required, with regard to UNFPA's mandate.

D. General Support

* Stand-in for other programme team members on selected functions as may be required.
* Carry out any other duties as may be required by UNFPA leadership.

Qualifications and Experience:

Education:

* Master's degree in health, population, demography, development, gender, supply chain and logistics, law and/or other related social science field.

Knowledge and Experience:

* At least 2 to 5 years of increasingly responsible professional experience in the field of development and population activities.
* Work experience in the field of Sexual and Reproductive Health is preferred.
* Experience in Supply Chain Management at country level.
*Specialized knowledge and experience in RHCS and Family Planning is desired.
* Experience in programme/ project management including experience in large multi-sector programmes.
* Experience working with the Ministry of Health and Local Government is desirable.
* Field experience is an asset.
* Prior experience in the UN system is an asset.
* A thorough understanding of the UN system in general, and especially UNFPA mandate, its policies and operations and current development topics and political issues in Eritrea will be an added advantage.
* Demonstrated ability to work in a team.

Languages:

Fluency in English; knowledge of other official UN languages, preferably Arabic is desirable.

Required Competencies:

Values:

* Exemplifying integrity,
* Demonstrating commitment to UNFPA and the UN system,
* Embracing cultural diversity,
* Embracing change

Core Competencies:

* Achieving results,
* Being accountable,
* Developing and applying professional expertise/business acumen,
* Thinking analytically and strategically,
* Working in teams/managing ourselves, our relationships, and others
* Communicating for impact

Functional Skill Set:

* Advocacy/Advancing a policy-oriented agenda.
* Leveraging the resources of national governments and partners/ building strategic alliances and partnerships
* nternal and external communication and advocacy for results mobilization
* Delivering results-based programmes
* Technical Understanding of the areas of work
* Project Management
* Managing financial processes
* Proficiency in current office software applications

Compensation and Benefits:

This position offers an attractive remuneration package including a competitive net salary plus and other benefits as applicable.

DISCLAIMER:

UNFPA does not charge any application, processing, training, interviewing, testing or other fee in connection with the application or recruitment process. Fraudulent notices, letters or offers may be submitted to the UNFPA fraud hotline http://www.unfpa.org/help/hotline.cfm

* renewable based on good performance

HOW TO APPLY:

UNFPA has established an electronic application management system. Thus, UNFPA encourages all applicant to use this link to apply View the external job posting.

Notice: All applications should be submitted within 10 working days after the date of announcement.

Notice: There is no application, processing or other fee at any stage of the application process. UNFPA does not solicit or screen for information in respect of HIV or AIDS and does not discriminate on the basis of HIV/AIDS status.

CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION / EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE

---

ኣነ ሳሚኤል ጉብረእዚኣብሄር ተካ፡ ብወ/ሮ ተኽኣ ጉብረእዚኣብሄር ቃላኣብ፡ ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምም/10 ጎደና ሃደለ ኣብርሀ ቁ. ገዛ 34 ብዋንኑት ምስክር ወረቐት ቁ. 108470 መወከሲ. ቁጽሪ 118212 ዝተመዝገበ ስፍሓቱ 249.50 ት/ሜ ዝኾነ ሎታ ቁጽሪ 36 ፓርሰል A ዝርከብ ንብረታ ገዛ፡ ኣብ ቤ/ፍ/ዞ/ማ ብመዝ/ቁ. 109/2016 ብ24/08/2016 ዓ.ም ብውህብቶ ስለ ዝለኣኸኒ፡ ዋጋን ንብረት ካብ ስም ብውህብቶ ወሃቢት ናብ ስም ብውህብቶ ተቐባሊ. ኣቶ ሳሚኤል ጉብረእዚኣብሄር ተካ ስም ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ. ኖታዮን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ሳሚኤል ጉብረእዚኣብሄር ተካ

---

ኣመልካቲ ዓብደልቓድር ዓሊ. መ/ሓመድ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ምምሕዳር ኣባሻውል ዝርከብ ስፍሓት መሬት 165.ት/ሜ ቀንዲ ክፍሊ. 4 ምስ 1 ተሓጋግዚ. ASP 00019588 ASd 00018037 ዝኾነ ገዛ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 111526 መወከሲ. ቑጽሪ 124785 ዝተመዝገበ ተራ ገዛ ብህያብ ካብ ኣሚና መሓመድ ዝተቐበልኩዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት/ጽ ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ዓብደልቓድር ዓሊ.

---

ብስም ኣቶ የውሃንስ ደባስ ዘወልዱ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ደ/ምብራቕ ምምሕዳር ገጀረት ጎደና ደካናም፡ ፕሎት 117 ፓርሰል/ዞን ASP 00000857 ፓርሰል D1 ስፍሓት መሬት 240.54 ት/ሜ ዝርከብ ገዛ ብመለለዩ ቁጽሪ 1004961 ዝተዋህበ. ሰነዳት ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለ ዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝበሎ እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07155949 ክሕብረኒ፡፡ እንተዘይኮይኑ ግን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት መተካእታ ክሓትት ምዃነይ ኣፍልጥ፡፡

የውሃንስ ደባስ
ወኪል ተኽለ እያሱ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ጎባልል ዋንጫ ናጽነት

መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ ብደምቀት ኣብ ዝጽምበሉ ዘሎ ግዜ፡ ዓበይቲ ክለባት ናይ ዝተፈላለየ ዓይነት ስፖርት ከኣ ብምኽንያት እዚ ክቡር በዓል ውድድር ከካይዳ ከም ዝቐንያ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማትና ተኸታቲልኩሞ ኣለኹም። ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ስፖርት ከኣ ብምኽንያት እዚ ክቡር ዕለት ኣብ ኩዕሶ እግርን ቅድድም ብሽክለታን ንዝተዓወታ ጋንታታትን ተጻወትትን ብዛዕባ ዝበረ ውድድር ኣመልኪታ ርእይቶኦም ክሀቡ ተወኪሳቶም ኣላ፡ ሰናይ ንባብ።



ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ከምኡ'ውን ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ቀዳማይ ዲቪዥን ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ግጥማት እየን ኣካይደን። 10 ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል ኣብ ዝበርኦ ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ግጥም፡ ዓበይቲ ጋንታታት ደንደንን ቀይሕ ባሕርን እየን ኣብ ፍጻመ ተራኺበን። ምዱብ ጸወታ ናይዘን ክልተ ጋንታታት ብማዕረ 1ብ1 ድሕሪ ምዝዛሙ ከኣ ደንደን ብፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ንኻልኣይ ዓመታ ኣኸታቲላ ዕወትቲ ዋንጫ ናጽነት ክትከውን በቒዓ።

ክሉብ ደንደን ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ኣቶ ሳምሶም ሃብተማርያም (ጀለስ) ን40 ጸወታታት ከይተሳዕረት ትግዕዝ ዘላ ጋንታ'ያ። ዝሓለፈ ዓመት እዛ ጋንታ ዝጠዘሉ ተጻወትታ ቅድሚ ግጥም ሃንደበት ብምሕማሞም 11 ተጻወትቲ ጥራይ ሒዛ ኣንጻር ኣልታሕሪር ገጢማ። ነታ ክብርቲ ጸዋእ ኣብ ምዕታር ደማ ኣይተዓንቀጸትን። ኣሰልጣኒ ደንደን ኣቶ ሳምሶም ሃብተማርያም፡ ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ልዑል ምድላዋት ከም ዝገበሩ'ዩ ዝሕብር።

ንሱ ብዛዕባዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ዋንጫ ናጽነት ኣመልኪቱ ክዛረብ ከሎ፡ "ዋንጫ ናጽነት ፍሉይ ክብሪ ከም ዘለዎ ኣሚንና ልዑል ምድላዋት ኢና እንገብረሉ። ብዓቢኡ ሎሚ ዓመት ከኣ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክብርና ንምዕቃብ ኢና ኣቲና። ብልዑል ወኒ ስለ ዝተጻወትና ከኣ ተዓዊትና ወጺእና" ይብል።

ደንደን ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ፈለማ ንማይተመናይ እያ 5ብ1 ረቲዓታ። ኣብ ዝቐጸለ ጸወታኣ ንኣስመራ በራ 3ብ0 ድሕሪ ምስዓራ ከኣ ኣብ ፍጻመ ምስ ታሪኻዊት መቐናቕንታ ቀይሕ ባሕሪ ገጢማ ዋንጫ ናጽነት ጨቢጣ።

ኣሰልጣኒ ክሉብ ደንደን ኣቶ ሳምሶም ሃብተማርያም፡ እዛ ጋንታ ንዋንጫ ናጽነት ፍሉይ ክብሪ ከም እትህቦ'ዩ ዘረድእ። ንሱ ብዛዕባዚ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ሰራዊት ዓንዲ ሕቖ ሓንቲ ሃገር'ዩ። ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ናጽነት ኣብ ምምጻእን ልኡላውነት ኣብ ምዕቃብን ዝበርዎን ዝዛበርዎ ዘለዉን ማሰዋእቲ መዳርግቲ የብሉን። ክሉብ ደንደን ከኣ ናይ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጋንታ ከም ምኳና መጠን ዋንጫ ናጽነት ብምዕታር ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ህያብ ከተበርክተሎም ፍሉይ ምድላዋት'ያ ተካይድ። ከምኡ ስለ ዝኾነ'ዩ ከኣ ዝሓለፈ ዓመት ዋንጫ ናጽነት ምስ ዓተርና፡ ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጀነራል ፍሊጶስ ወልደየውሃንስ ምሳና ኮይኑ ንዓወትና ድሕሪ ምጽምባል ንፍሲ ወከፍና 5,000 ናቕፋ ገንዘባዊ መተባብዒ ዝሃበና። ስለዚ ንሕና ከም ጋንታ፡ ንዋንጫ ናጽነት ንኽልኦት ጋንታታት ኣሕሊፍና ክንህብ ኣይንደልን ኢና" ክብል ማለሰ።

ኣሰልጣኒ ክሉብ ደንደን ኣቶ ሳምሶም ሃብተማርያም ኣብ መወዳእታ፡ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ንኣካየድትን ተጻወትትን ክሉብ ደንደን ብሓፈሻ ከኣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ናብ መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ኣብጽሓኩም ኢሉ።

ደንደንን ቀይሕ ባሕርን ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ኣብ ዝተራኸባሉ፡ ሓላዊ ልዳት ደንደን ክብሮም ሰለሙን (ኮብራ) እዩ ብለጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ፍሉይ ሽልማት ወሲዱ። እዚ ሓላዊ ልዳት፡ ኣብ ምድብ ናይ ጸወታ ግዜን ኣብ እዋን ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕትን ኣብ ዓወት ጋንታኡ ብዘበርከቶ ኣበርክቶ'ዩ ነዚ ሽልማት በቒዑ። ንሱ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ዋላ'ኳ ጋንታኡ ኣብ መጻረዪ ብጠፊሕ እናተዓወተት እንተመጸት፡ ኣብ ፍጻመ ግን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ከቢድ ብድሆ ከም ዘጋጠሞም'ዩ ዘረድእ። ሓላዊ ልዳት ደንደን ክብሮም፡ ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ኣብ ዝተቐደ ውድድር ሃትረፍ ብምስራሖም ፍሉይ ሓበን ከም ዝሰመዖም ይሕብር። ንሱ ብዘወሃሃ፡ ክሉብ ደንደን ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነትን መዓልቲ ሰማእታትን ዝተቐደ ውድድር ፍሉይ ክብሪ ሂባ ከም እትጻወቶ ብምሕባር፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ደቂ ጋንታኡን ስድራቤቱን የቐንየና ኢሉ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ሽውዓተ ጋንታታት እየን ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ኣብ ናይ ኣውዳቕካ ምሕላፍ ውድድር ተጸሚደን። ጋንታታት ኢንሹራንስን ገጀረትን ንፍጻመ ዝበጽሓ ኮይነን፡ ኢንሹራንስ ብጠፊሕ 4ብ1 ተዓዊታ ጉብለል ኮይና። ኢንሹራንስ ሎሚ ዓመት ንኻልኣይ ዓመታ ኣኸታቲላ'ያ ዋንጫ ናጽነት ትዓትር ዘላ። እዛ ጋንታ ዝሓለፈ ዓመት ነዛ ክብርቲ ጸዋእ ክትዓትራ ከላ ብዙሓት ካብ ተጻወትታ ኣፍንያ ሓደሽትን ንኣሽቱን ተጻወትቲ ሒዛ ተወዳዲራ ነይራ። ሎሚ ዓመት ከኣ 8 ካብ ቀወምቲ ተጻወትታ ብዘተፈላለየ ምኽንያት ከሰራ ብዘመሳሰሊ ካብ ኣብያተ ትምህርቲ ንኣሽቱ ተጻወትቲ ኣሰልጢና'ያ ደጊማ ንረዚን ክብሪ በቒዓ።

ኣሰልጣኒ ናይዛ ጋንታ መምህር ሚኪኤል ጠዓመ (ቻሌ) ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ናይ ዋንጫ ናጽነት ውድድር ኣብ ሽውዓተ መዓልታት ሰለስተ ናይ ሻምፕዮን ጸወታታት ድሕሪ ምክያዶም፡ ኣብ ግጥም ኣውዳቕካ ምሕላፍ ምስ ደንደን ክበጽሑም ምኽኣሉ ከቢድ ምንባሩ'ዩ ዘረድእ። ኢንሹራንስ ንዓባይ ክሉብ ደንደን ብፍጹም ቃልዕ መቐጸዕቲ 4ብ2 ድሕሪ ምስዓራ'ያ ንዞባንዳ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ረኺባታ። ንዞባንዳ ረቲዓ ከኣ ኣብ ፍጻመ ንገጀረት በሊጻ ዕወትቲ ዋንጫ ናጽነት ኮይና።

ኣሰልጣኒ ክሉብ ኢንሹራንስ ኣቶ ሚኪኤል ጠዓመ፡ ጋንታኡ ዓመት መጸ ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ኣብ ዝተቐደ ውድድር ፍሉይ ምድላዋት ገይራ ከም ትቐርብ'ዩ ዘረድእ። ንሱ "እዚ ኹሉ ሳላ ናጽነት'ዩ ተረኺቡ። ናይ መዓልቲ ሓርነትና ዋንጫ ክትወስድ ከኣ ዓቢ ጸጋ'ዩ። ስለዚ ዋጋ ጻዕርና ምርካብና ሕጉሰ'የ" ይብል። ምስ ቤት ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ ኮይኑ'ውን ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት ኣብያተ ትምህርቲ ጉብለል ዝኾነ መምህር ሚኪኤል፡ ኣብ መወዳእታ ንኣካየድትን ተጻወትትን ክሉብ ኢንሹራንስ ብሓፈሻ ከኣ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ሓይልታት ምክልኻሉ የቐንየና ኢሉ።

ካብ ኩዕሶ እግሪ ናብ ቅድድም ብሽክለታ ምስ እንመጽእ፡ ክለባት ኣስቤኮን ደንደንን እየን ዕወታት ዋንጫ ናጽነት ኮይነን። ኣብ ተወዳደርቲ ቀዳማይ ዲቪዥን ብኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን እትእለ ክሉብ ኣስቤኮ'ያ ብጋንታን ብውልቅን ዕወትቲ ኮይና። ኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን፡ ኣብዚ ውድድር ንሓያል ናይ ቅጽቡታዊ ውድድር ተቐዳዳማይ ሚልኪያስ ማእከለ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ናብ ኣልጀርያ ብምኻዱ ንምዝርን ግዜኡ ከኣ ብመወደቕቲ ከሰርዎም'ዩ ኣትዩ። ጉብለል ካብ ምኳን ግን ኣይተዓግዘን። ብውልቂ ብመንገዲ ኣሌክሳንደር ኢሳቅ ክብሪ ክረክብ ከሎ፡ ብጋንታ ድማ ሕልፊ ካልኦት ጋንታታት ጸብለል ብምባል ኣብ ፖድዮም ደየቡ።




ሳምሶን ብዛዕባዚ ውድድር ኣብ ዝተሓተትናሉ፡ "ዋላ'ኳ እቲ ውድድር ካብ ናይ ሰለስተ ሰናብቲ ውድድር ናብ ናይ ሓደ ሰንበት ውድድር እንተተቐየረ፡ ልዑል ፍጥነት ክንዝበሉ ብምኽኣሉ ግን ፈታኒ'ዩ ነይሩ። ኣብ ናይ ካልኣይን ቀዳማይ ዲቪዥን ብሽሉ ክንዕወት ምኽኣልና ከኣ እቲ ዝሓሰብናዮ ውጥን 95% ከም ዝተግበርናዮ እዩ ዘርእይ" ክብል'ዩ ኣረዲኡ።



ኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን፡ ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ዝተቐደ ውድድር ካብ ካልኦት ውድድራት ፍሉይ ክብሪ ከም ዘወሃቦ'ዩ ዝኣምን። ንሱ ብዛዕባዚ ክረድእ ከሎ፡ "እዛ ዕለት ንህዝቢ ኤርትራ ታሪኻዊት ዕለት'ያ። ረዚን ሓላፍነት ተሰኪምና ኢና ንጻወቶ። ካብ ሻምፕዮን ይኹን ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል ፈሊና ኣይንርእየን ኢና። ዝ ረዚን ክብሪ ዘለዎ ዋንጫ ምዕታረይ ድማ ሓበን ይስመዓኒ" ኢሉ።

ኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን፡ ክሉብ ኣስቤኮ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት 9 ካብ ተጻወትታ ብዘተፈላለየ ምኽንያት ካብታ ጋንታ ብምውጽኦም ሓደ ነገር ተጻዋታይ ጥራይ'ዩ ሒዙ ተሪፉ ነይሩ። ኣብዚ እዋን ግን ሓደሽቲ ተጻወትቲ ኣኽቲቱ ተወዳዳሪት ጥራይ ዘይኮነ ዕውትቲ ጋንታ ክሃንጽ በቒዑ ኢሉ።

ክሉብ ኣስቤኮ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዕብላሊ ዋንጫ ናጽነት ካብ ዝዓተራ ጋንታታት ብቐዳምነት'ያ እትጥቀስ። ኣሰልጣኒኣ ሳምሶን ሰለሙን እውን ተቐዳዳማይ ኣብ ዝበረሉ፡ ኣብ ጎደና ኣፍዓበት እንዳ ማርያም ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሰለስተ ሰናብቲ ውድድር ብምዕዋት ጉብለል ዋንጫ ናጽነት ዝበል ስም ክረክብ ክኢሉ ነይሩ'ዩ።

ሳምሶን ኣብ መወዳእታ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣዳለውቲ መደብ ስፖርት ሚኒስትሪ ዜና ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ የቐንየና ኢሉ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ክሉብ ደንደን'ያ ብውልቅን ብጋንታን ተዓዊታ። እዛ ጋንታ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቀዳማይ ዲቪዥን ብደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ካልኣይ ዲቪዥን ከኣ ብደቂ ተባዕትዮ ዋንጫ ናጽነት ዓቲራ ከም ዝበረት ኣይርስዕን። ኣሰልጣኒ ናይ'ዛ ጋንታ የሴፍ ተኽላይ ከኣ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ዝ ክብሪ ንምዕቃብ ከም ዝኣተዉ'ዩ ዘረድእ።

ንሱ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ብምንባሩ ናይ ቋሕ ሰም ጌጋ'ውን ከየጋጥም ብልዑል ጥንቃቐ ከም ዝተጻወትዎ ብምሕባር፡ ንዋንጫ ናጽነት ከኣ ልክዕ ከም ናይ ሻምፕዮን ውድድር ዝኣክል ልምምድ ከም ዝገበሩሉ ኣብሪሁ። ኣሰልጣኒ የሴፍ ብዘይካዚ፡ "ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክብርና ዓቂብና ምዕዋትና ዓቢ ሓበን'ዩ። ዋንጫ ናጽነት ረዚን ክብሪ ዘለዋ ጸዋእ'ያ። ንዓመታ ከኣ ከቢድ ሓላፍነት ኣሰኪማትና ኣላ" ኢሉ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ኣካየድትን ተጻወትትን ክሉብ ደንደንን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን የቐንየኦ ኣመሓሊሉፉ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዛ ክብርቲ ዋንጫ ዝወሰደት ተቐዳዳሚት ክሉብ ደንደን ኣድያም ዳዊት እውን ካብ ናይ ኣሰልጣኒኣ ዝፍለ ሓሳብ የብላን። ንሳ፡ ሎሚ ዓመት ከቢድ ውድድር ከም ዘየዳን ንኻልኣይ ዓመታ ኣኸታቲላ ክትዕወት ምኽኣላ ዓቢ ሓበን ከም ዝሰመዓን'ያ ኣብሪሃትልና። ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ስድራቤታ፡ ደቂ ጋንታኣን ደገፍታን ድማ እንቋዕ ናብ መበል 33 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኣብቀዓኩም ኢላ።



# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ቻይና፡ ኣብ ወሰናስን ደሴት ታይዋን ወተሃደራዊ ልምምድ ተካዪዱ


ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ወሰናስን ደሴት ታይዋን - ናይ መሬት፡ ባሕርን ኣየርን ዘጠቓልል ናይ ክልተ መዓልታት ወተሃደራዊ ልምምድ ከምዝጀመረት ተገሊጹ።

እዚ ኣብ ሰሜናዊ ደቡባውን ምብራቓውን ክፋላት ደሴት ታይዋን ኣብ ዙዳውብ ከባቢታት ዝተኻየደ ዘሎ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ንታ ደሴትን ኣብ ወሸጣዊ ጉዳያት ቻይና ምትእትታዋት ንዘጉብራ ዘለዋ ሃገራት ምዕራብን ተሪር መጠንቀቕታ ዘመሓላልፍ ምኻኑ ተሓቢሩ።

ንምእትታው ኣመራጻ ኣብ'ቲ ዞባ ብትሪ እትቃወም ቻይና፡ ኣብ ወሽመጥ ደሴት ታይዋንን ባሕሪ ደቡብ ቻይናን ወተሃደራዊ ልምምድ ከተካዩድ - እዚ ናይ ፈለማ ከምዘይኮነ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ቻይና፡ ኣድላዪ ኮይኑ ምስ እትረኽቦ - ንደሴት ታይዋን ብሓይሊ ናይ ምቁጽጻር ስጉምቲ ክትወስድ ከምትኽእል እያ ክተጠንቅቕ ጸኒሓ።

ደሴት ታይዋን፡ ንፖሊሲ ሓንቲ ቻይና ብምጽራር ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ሓዳሽ ፕረዚደንት ከምዝመረጸት ዝዝከር ኮይኑ፡ ሓዳሽ ፕረዚደንት ዊልያም ላይ ዝመጽእ ሰኑይ ቃለ-መሓላ ክፍጽም ምኻኑ ተፈሊጡ።




## ሃንጋሪ፡ ፖሊሲ ምዕራብ ኣብ ዩክሬን ከምዝፈሸለ ገሊጻ

ሃገራት ምዕራብ፡ ኣብ ኲናት ዩክሬን ክኽተላኦ ዝጸንሓ ፖሊሲ ከምዝፈሸለ ሃንጋሪ ገሊጻ።

እተን ሃገራት፡ ንሩስያ ንምድኻም ክዙብራኦ ዝጸንሓ እገዳታትን ወተሃደራዊ መናውራታትን ኑቲ ኲናት ካልእ ኣንፈት ከምዝተሓዝን ኣብ ኤውሮጳ ከቢድ ቍጠባዊ ቅልውላው ከምዝሰዓበን ሃንጋሪ ተገንዚባ።

ኣብ ልዕሊ ኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው ጸዕቲ፡ ሳዕቤን ናይ'ቲ ሃገራት ምዕራብ ዝኽተላኦ ዘለዋ ግጉይ ፖሊሲ ከምዝኾነ - ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሃንጋሪ ኣረዲኣ።

ብኣመራጋ ዝምራሕ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ - ኔቶ፡ ኣብ ለካቲት 2022 ዝተወልዐ ኲናት ዩክሬን ኣብ ሓጺር እዋን ብስዕረት ሩሲያ ንኽዛዘም ክልእኮ ዝጸንሐ ኣጸዋር፡ ንዩክሬን ግዳይ ካብ ምግባር ሓሊፉ ዘምጽኦ ለውጢ ከምዘየለ፡ ወተሃደራውያን ጸብጻባት ከጠቕሱ ጸኒሖም እዮም።

እቲ ክለኣኽ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ደገፍ ልዕሊ ዓቕመን እናኾነ ይመጽእ ከምዝሎ ዝገልጻ ገለ ኣባል ሃገራት ናይ'ቲ ኪዳን፡ ኑቲ ደገፍ ከቋርጽኦ ይረኣያ ምህላወን ይፍለጥ።

ገለ ኣባላት እውን፡ ምስ ኣመራጋ ዝኽተማኦ ወተሃደራዊ ውዕላት ንረብሓ ሃገራተን ናብ ሓደጋ ከምዘእትዎ ብምሕባር፡ ዳግመ-ግምት ከምዝገብራሉ ከጠንቅቓ ጸኒሐን ኣለዋ።



## ቬትናም - ሓድሽ ፕረዚደንት ተመሪጹ

ኣባል ፖለቲካዊ ቤት-ጽሕፈት ዴሞዊ ሰልፊ ቬትናም 'ቶ ላም'፡ ሓድሽ ፕረዚደንት እታ ሃገር ኮይኑ ከምዝተመርጸ - ማዕከናት ዜና እታ ሃገር ሓቢረን።

ቶ ላም፡ ኣብ ሃገራዊ ባይቶ ቬትናም ዝለዓለ ደምጺ ብምርካቡ እዩ - ንፕረዚደንትነት ተመሪጹ ዘሎ። በዚ ድማ ክሳብ 2026 ፕረዚደንት እታ ሃገር ብምኻን ክሰርሕ እዩ።

እቲ ሓድሽ ፕረዚደንት፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ቃለ-መሓላኡ ኣብ ዘሰምዖ መደረ፡ ብሰልፊ 'ፖሊትብሮ'፡ መንግስትን ህዝብን ቬትናም ዝተዋህቦ ሓላፍነት ንምፍጻም ክጽዕርን ዝኽኣሎ ኹሉ ክገብርን ምኻኑ ገሊጹ።

ኣብ 1957 ዝተወልደ ቶ ላም፡ ካብ 2016 ኣትሒዙ ከም ሚኒስተር ጸጥታ ቬትናም ኮይኑ ከገልግል ዝጸንሐ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት፡ ማእከላይ ኮሚተ ዴሞዊ ሰልፊ ቬትናም - ኣቐዲሙ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ዝነበረ ቮ ቫን ቱኦንግ ስልጣኑ ብፍቓዱ ክሓድግ ዝቐረቦ ሕቶ ብምቕባል ናብ ምርጫ ኣትዩ ጸኒሑ።

ምክትል ፕረዚደንት ቮ ኮይኑ ክሰርሕ ዝጸንሐ ቮ ቲ ኣን ኣኼባ ሃገራዊ ባይቶ ቬትናም ክሳብ ዝዛዘም - ከም ግዚያዊ ፕረዚደንት እታ ሃገር ኮይኑ ክሰርሕ ተመሪጹ ኣሎ።



## ኮሎምብያ፡ 'ኣብ ከተማ 'ራማላህ' ኤምባሲ ክኸፍት እየ' ትብል

ኮሎምብያ፡ ኣብ ማእከላይ ምዕራባዊ ገምገም ኣብ እትርከብ ከተማ ራማላህ ኤምባሲ ክትከፍት ምኻና ፕረዚደንት እታ ሃገር ጉስታቮ ፔትሮ ዝሓለፈ ረቡዕ ገሊጹ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኮሎምብያ ሉዊስ ሙሪሎ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፕረዚደንት ጉስታቮ ፔትሮ - ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ናታንያሁ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤም ክወስዶ ብዝጸንሐ ወተሃደራዊ ስጉምቲታት ክቐቕፎ ከምዝጸንሐ፡ ኤምባሲ ኮሎምብያ ኣብ ራማላህ ክትከል ዝወሰነ ድማ - መቐጸልታ ናይ'ቲ ነቐፌታታት ምኻኑ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ፔትሮ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤም ንእተካዩዶ ዘላ ወተሃደራዊ ስርሒት ብተደጋጋሚ ክኹንኖ ከምዝጸንሐ እዩ ዝሕበር።

ፕረዚደንት ኮሎምብያ ዝ. ሓብሬታ እዚ ዘመሓላልፍ ዘሎ - ሃገራት ኣየርላንድ፡ ኖርወይን ስጳኛን ንፍልስጤም ከም ሃገር ወግዓዊ ኣፍልጦ ክህባኣ ምኻነን ኣብ ዝገለጻሉ ኢጋጣሚ እዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ ኣብ ልዕሊ ፍልስጤም ወተሃደራዊ ወፍሪ ምስ ኣበገሰ፡ ኮሎምብያ ምስ እስራኤል ዝነበራ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ከምዝቋረጸቶ ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ከኣ - ፕረዚደንት ፔትሮ፡ ኣህጉራዊ ቤት-ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ ናይ ማእሰርቲ ትእዛዝ ከውጽእ ጸውዒት ኣቕሪቡ ነይሩ።

ብ7 ጥቅምቲ ብሓማስ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ሙብዛሕትኦም ሲቪላውያን ምኻኖም ዝተገልጹ ልዕሊ 1170 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ወግዓውያን ጸብጻባት እስራኤል የመልክቱ።

ብተመሳሳሊ፡ እስራኤል ብእተካይዶ ዘላ ናይ ሕነ ምፍዳይ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ቓጻ ሙብዛሕትኦም ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ዝርከብዎም ብውሕዱ 35,600 ሰባት ከምዝሞቱ፡ ብሓማስ ዝመሓደር ሚኒስትሪ ጥዕና ገሊጹ።



## ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ብጉዳይ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ሕግታት የጽድቕ

ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ንጉዳይ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ (ኣይኣይ) ኣመልኪቱ ዝሰፍሐ ሕጊ - ብኣባል ሃገራት'ቲ ሕብረት ተቐባልነት ከምዝረኸበ ተሓቢሩ።

እቲ ሕግታት፡ ንሓደጋ ዘቃልዑ መተግበሪታት/ናውቲ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ፡ ዝያዳ ጽኑዕ ምቁጽጻር ንኸፍጠሮም ዝሕግዝ ምኻኑ እቲ ባይቶ ኣፍሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ሕግታት ኣብ ውልቃዊ ሓበሬታታት ተጠቀምቲ ማሕበራዊ-መራኸቢ ብምምርኳስ ዝሕንጸጽ ፖሊሲታት ይእግድ።

እተን ሃገራት ኑቲ ሕግታት ብምሉእ ደምጺ ዝተቐበላኦ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ 2021 ብኮሚሽን ናይ'ቲ ሕብረት ዝተነድፈ ሕግታት፡ ብርክት ዝበሉ ወሰንቲ ለውጥታት ድሕሪ ምትግባርም እዩ።

እቲ ሕጊ ብመራሕቲ ባይቶ ኤውሮጳን ቤት-ምኽርን ምስ ጸደቐ፡ ኣብ ወግዓዊ መጽሄት ሕብረት ኤውሮጳ ክሕተም፡ ድሕሪ ምሕታሙ ከኣ ድሕሪ 20 መዓልታት ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ ብደረጃ ዓለም መተግበሪታት ሰብ-ሰርሖ ብልሒ፡ ኣብ ምዝርጋሕ ዝተፈብረኸ ዜና ከም'ኡ'ውን ኣብ ጉዳያት መሰል ዋንነት ዝተረጋገጸ ጽሑፋት ኣሻቓሊ ኮይኑ ምጽንሑ ይፍለጥ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቪያ ጅዳ<br>በት መሸጣ መድሃኒት ማይ ጃሕ ጃሕ<br>ፋርማሲ ሬቫን | 24/05/2024 | ጎደና ሰጋሉት ቀጣን ቁ.6 (ቪያ ጅዳ)<br>ጎደና 173 - 18 ቁ.21 ከባቢ ማይ ጃሕ ጃሕ ጥቓ ህዝባዊ በት ንባብ<br>ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ ማሞር ጉዳይፍ | 07138002<br>127582<br>181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565